# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.292 | ዓርቢ 7 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ረብሓታት ጸባ ጡብ ኣደ



ገጽ 3
ሓማስ ዕጥቁ ይፈትሕዶ ይኸውን፧



ገጽ 4
ባህላዊ ውርሻታትና፡ መግለጺ ክብርታትና




ገጽ 5



ፈረሰኛ ኣጋር ሓኪም

ገጽ 7
ምልክታ

## ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት - ውህደት ኣተግባርቲ ኣካላት ክዓዝዝ፡ ጸዊዑ





ስእሊ-ፊልሞን ትካቦ

ልምዓታዊ መደባት ብሓፈሻ ትሕተ-ቅርጻውን ሕርሻውን መደባት ድማ ብፍላይ ንምሕያል፡ ውህደት ኣተግባርቲ ኣካላትን ህዝብን ክዓዝዝ፡ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላሙሳ ጸዊዑ።

ብ4ን 5ን ነሓሰ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተቓነዐ መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሚኒስተር ዓብደላ፡ ህዝቢ ውዓቡኡን ንቕሓቱን ኣበርኪቱ ኣብ'ቲ ዝሰላሰል መደባት ልምዓት እጃሙ ከበርክት፣ ኩሉን ኣካላት መንግስቲ ብቐንዱ ድማ ምምሕዳራት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ከምዘየድሊ ኣስሚሩሉ።

ኣድማዕነት ትግባረ መደባት፡ ኣብ ምክትታልን ምቁጽጻርን ስራሕ ከምዝምርኮስ ብምጥቃስ ከኣ፡ ኩሉ ብብዓውዱን መዝነቱን ግቡኡ ከበርክት ተላቢዩ።

ሓለፍቲ ክፍልታትን ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ - ሰፊሕ መደባት ምፍዋስ ማይ ክዕታት፡ ምጽጋን ናይ ሓመድ ጽርግያታት፡ ምዝርጋሕ መርበባት ኤለክትሪክ፡ ምድጋፍ ስድራ ስውኣትን ካልእን ዘጠቓልል ንጥፈታት ከምእተዓመ ክገልጹ ከለዉ፡ ኣብ ሸውዓተ ዓድታት ኣብ ህንጸት ዝጸንሐ ቀረብ ስርዓት ማይ ከምእተዛዘመ ሓቢሮም።

ኣብ'ቲ ጸብጻባት፡ ዝናብ ኣዝመራ ብሓፈሻ ፈኵስን ዝርግሐ ዘይነበረን ከምዝነበረ፣ ኣብ 13 መደበራት 2.2 ሚልዮን ፈልሲ ተዓልዩ ንገረብቲ ከምእተዓደለ፣ ከምኡ'ውን ምህርቲ መዓርን እንቋቑሖን ክብ ንምባል ዝቐየድ ዘሎ ዕማማት ዘተባብዕ ውጽኢት ደርኪቡ ከምዝሎ በሪሁ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ብወገኑ፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍን ማይ-ክዕታት ጽልማን ዘለኣድ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይዕመም ከምዘሎ ብምጥቃሱ፡ ኣብ ዝተጻንዐ ከባቢታት ንምስፋሑ መደብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ህንጸት መጠነ ንኡስ ዲጋታት፡ ምፍዋስ ማይ-ክዕታት፡ ምዝርጋሕ ኣገልግሎት ቀረብ ማይ፡ ምህናጽ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ምምዕባል ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ካብ መደባት ካልኣይ መንፈቕ ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።

## ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣቃኒዑ

ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ብ3ን 4ን ነሓሰ ኣብ ኣስመራ ዓመታዊ ኣኼባ ገምጋም ብምክያድ፡ ኣብ ውጥን ናይ መጻኢ መደባት ስራሕ ዘትዩ።

ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዝያ ሃሽም ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ሕመረት መደባትና ዝኾኑ ምርግጋጽ ማሕበራዊ ልኡላውነት - ለሚ ዝተፈጥረ ሓድሽ ሓሳብ ዘይኮነ፡ ስርዓት ኣካዛብራ ህዝቢ ኤርትራ ከምኡ'ውን ዕጥቃዊ ገድሊ ንናጽነት ኣብ ማሕበራዊ ልኡላውነት ዝተሰረቱ ምንባሮም ኣረዲኣ።

ኣብ ማሕበራዊ ልኡላውነት ዝተሃንጸ ኮም ዝሰረቱ ስርዓት-ሕጊ፡ ንታሪኽ፡ ባህልን መንነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ብምኳኑ፡ ህዝባዊ ሰረት ኣውሒሱ፡ ልዕልና ሕጊ፡ ማሕበራዊ ሰላም፡ ኩሉ መዳያዊ ልምዓትን ህዝባዊ ኣመኔታን ኣብ ምድራኽ ወሳኒ ተራ ከምዝለዎ ድማ ገሊጹ።

ሚኒስተር ፈውዚያ ኣሰዒባ ካብ ስድራቤት ዝጅምር ኮም ዝሰረቱ ስርዓት ሕጊ፡ ነቲ ዘገልግሎ ሕብረተሰብ ማእከል ገይሩ ዝህነጽ ብምኳኑ፡ ክንዮ ምፍታሕ ክርክራት - ኣብ ምዕቃብ ማሕበራዊ ርግኣትን ሰላምን ኣጉዳሲኡ ልዑል



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር



ምኳኑ፣ በዚ መረዳእታ'ዚ ሚኒስትሪ ፍትሒ ኣብ ኮም ዝሰረቱ ስርዓት-ሕጊ ከይበኾረ ክሰርሕ ምጽንሑ፣ ተዓልዩ ዘሎ ውጥን'ውን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ መሰረት ዝገበረ ከምዝኾነ ሓቢራ።

ኣብ'ቲ ኣኼቡ ጸብጻብ ንጥፈታት ኣብያተ-ፍርድን ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕግን፥ ስትራተጂያዊ ውጥን ሓሙሽተ ዓመታት፣ ከምኡ'ውን ምምዕባል ስርዓት-ሓበሬታን ቴክኖሎጂን ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ዝምልከት መግለጺ ምስ ቀረበ፡ ተሳተፍቲ ኣብ ጉጅለታት ተኸፋፊሎም፡ ኣብ ምህናጽ ኮም ዝሰረቱ ስርዓት-ፍትሒ፡ ምሕያሻ ሕግታት፡ ምምዕባል ሰብውን ትካላውን ዓቕሚ፡ ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብ፡ ዕቀባን ምምዕባልን ቅርሲ ሕጊ ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ብሰፊሑ ዘትዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስተር ፈውዚያ፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ተወዲቡ ዝቐየድ ዘሎ ተሳትፎ ህዝቢ ብደቂቕ ተገምጊሙ፡ ምስ ታሪኽ፡ ልምድን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝሰነን እዋናውነት ዝለበሰን ውዳበ ብወግዒ ክእወጅ ምኳኑ ሓቢራ።

ሚኒስተር ፈውዚያ ብተወሳኺ፡ ሕግታትና ንዓና ንኽመስሉን ንሸቶታትና ከዐውቱን፡ ምስ እዋናውነት ብምዝማድ ከምዝሰርሑሉም፡ ሞያውን ማሕበራውን ፍልጠት፡ ብቑዕ ተመክሮን ስነ-ምግባርን ዝዓጠቐ ጺጋ ሰብ ንምህናጽ ድማ ኣድላዪ ዘበለ ጻዕሪ ክግበር ምኳኑ፡ ዚ ንምስምማር - ኩሉ ኣባል ብቐጻሊ ንቕሓቱ እናዕበየ ንምዕዋት'ዚ ውጥን እጃሙ ከበርክት ኣዘኻኺራ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ረብሓታት ጸባ ጡብ ኣደ

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ኩሉ ዓይነት መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ እቲ እኹል ዝበለጸ መግቢ ንትሕቲ 6 ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት እዩ። እታ ኣደ ጥዕንኣ ዝተሓለወ፡ ኣመጋግባኣ ሰሩዕን ዝተመጣጠነን ክሳብ ዝኾነ፡ ጸባ ጡባ፡ ህጻን ምስ ተወልደ ባዕሉ ተዓልዩ ዝወርድ፡ ንኽብሮ ድሉው ዝኾነን ዝበለጸ መግቢ እዩ። ምውራድ ናይቲ ጸባ ኣይቅድም ኣይድሕር፡ ብተፈጥሮኣዊ መስርዕ ምስ ምውላድ ህጻን ተዓልዩ ዝወርድ ብምዃኑ፡ ኣደ ንምድላዉ ጸዕርታት ዘሎታት ኣየድልያ።



### ገለ ካብቲ ረብሓታት ጸባ ጡብ ኣደ፦

- ነቲ ዕሸል፡ እንተላይ ቫይታሚንን ማዕድናትን ሓዊሱ ዘድሊ መኣዛ ይቐርበሉ፤
- ነቲ ዕሸል ካብ ረኽስን ዝተፈላለዩ ሕማማትን ይከላኸለሉ፤
- ነታ ኣደ ጥዕንኣ ኣብ ምሕላው ይሕግዛ፤
- እቲ ዕሸል ነቲ ጸባ ኣብ ዝደለዮ እዋን ድሉው ኮይኑ ይጸንሖ፤
- ኣብ መንጎ ኣደን ዕሸልን ጥቡቕ ዝኾነ ዝምድና ንምምስራት ይሕግዝ።

### ረብሓታት ጸባ ጡብ ኣደ ንህጻን

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ክሳብ ግዜ ብጽሕና ዘኸይድ፡ ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕብየት ናይቲ ህጻን፡ ሓያሎ ረብሓታት እዩ ዘለዎ። ዝኾነ መጠን ጸባ ጡብ ኣደ፡ ኣብቲ ዕሸል ናቱ እወታዊ ረብሓ እዩ ዘለዎ። ብፍላይ ንዋሕዲ ዓመት ጸባ ጡብ ኣደ ክረኽብ ዝኸኣለ ህጻን፡ እቲ ዝረኸቦ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝዓበየ ስለ ዝኾነ ዝያዳ ረብሓ ይረክብ።

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ነቲ ዕሸል ካብ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ክከላኸለሉ ይኽእል።

- እኹል ጸባ ጡብ ኣደ ዝረኸበ ሕጻን ብቐሊሉ ብረኽሲ ክጥቃዕ ስለ ዘይክእል፡ ናብ ሕክምና ናይ ምምልላስ ተኽእሎኡ ዝተሓተ እዩ።
- ብወጽኣትን ተምላስን ብቐሊሉ ክጥቃዕ ኣይክእልን።
- ኣብ ዕሸላት ኬጋጥም ንዝኽእል ሃንደበታዊ ሞት፡ ይከላኸል።
- እቲ ዕሸል ዝተመጣጠነ ክብደት ሰብነት ከም ዝህልዎ ይገብር።
- ኣብ ግዜ ብጽሕና ኬጋጥሞ ካብ ዝኽእል ጸገማት ልቢ የድሕኖ።

ዕሸል ክሳብ 6 ወርሒ (26 ሰሙናት) ዕድመኡ ብዘይካ ጸባ ጡብ ኣደ ዝኾነ ዓይነት መግቢ ክወስድ ከም ዘይብሉ እዩ ዝምከር። ከምኡ ምስ ዝኾውን እዩ ድማ እዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ረብሓታት ጸባ ጡብ ኣደ ክርከቡ ዝኽእሉ።

### ረብሓታት ጸባ ጡብ ንኣደ

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ካብቲ ዕሸል ሓሊፉ ነታ ኣደ'ውን ሓያሎ ረብሓታት እዩ ዘለዎ። እታ ኣደ ነዊሕ ዓመታት ምስ እተጥቡ ዝያዳ ጥዕናዊ ረብሓ እያ ትረክብ።

ጸባ ጡብ፡ እታ ኣደ በዞም ዝስዕቡ ሕማማት ክትጥቃዕ ዝለዋ ተኽእሎ ዝተሓተ ይገብሮ፦

- መንሸሮ ጡብ፤
- መንሸሮ ማህጸን፤
- ምህማን ዓጽሚ፤
- ሕማማት ልቢ፤

- ምኽሳብ ልዕሊ ንቡር ክብደት ምውናንን ወዘተ።

### ጸባ ጡብ ኣደ፡ ምስ ኩነታት ዝቐያየር መግቢ ህጻን

ጸባ ጡብ፡ ሓደ ህጻን ውልድ ምስ በለ ጀሚሩ ክምገቦ ዝግባእ ብሉጽ መግቢ እዩ። ብቐንዱ ማይ፡ ስብሒ፡ ፕሮቲን፡ ቫይታሚናት፡ ማዕድናት ከምኡ'ውን ንስርዓተ ምሕቃቕ ምግቢ ዝሕግዙ ነዛዪ (enzyme) ሆርሞናት ዝሓቖፈ እዩ።

ጸባ ጡብ ከም ኩነታቱ ዝለዋወጥ ባህሪ ኣለዎ። ንኣብነት ካብ ናይ ንግሆ ብዝያዳ ድሕሪ ቀትርን ምሸትን ስብሒ ዝመልኦ ይኸውን። ኣብ እዋን ምጥባው'ውን ይፈላለ እዩ። እቲ ህጻን ክጠቡ ክጅምር እንከሎ እቲ መጀመርታ ዝፈስስ ጸባ ቀጢን - ብ'ላክቶስ' ዝበለጸገ ስለ ዝኾነ፡ ንምስታዩ ቀሊል ከምኡ'ውን ጽምኢ ዘርዊ ይኸውን።

ብድሕሪኡ ዘሎ ጸባ፡ ክሬም መሳሊን ስብሕን ዝበዝሖ እዩ። ነቲ ህጻን ንኽጸግቦ ይገብሮ።

ኣብ ግዜ ምውዒቕ ኩነታት ኣየር፡ ጸባ ጡብ ኣደ ዝሕል ዝበለ ይኸውን። ኣብ ግዜ ዝሑል ኩነታት ኣየር ድማ እቲ ጸባ ምጡን ምቐቱ ዝሓለወ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ህጻን ከጠብዎ ፍሉይ ባህታ እዩ ዝፈጥረሉ።

እዚ ከም ኩነታቱ ዝለዋወጥ ባህሪ ጸባ ጡብ ኣደ፡ ከምስራሕ ዘይከኣል ይገብሮ።

### ጸባው

ጸባው (lactation)፡ ኣብ ጡብ ኣደ ጸባ ዝፈርየሉ ኣገባብ እዩ። ጸባ፡ ኣብ ጡብ ካብ ዝርከቡ ጸኸታት (mammary glands) እዩ ዝፈሪ። ሓንቲ ኣደ፡ ድቂ ሒዛ ህጻን ክትወልድ ኣብ እትቀራረበሉ እዋን ዝፍጠር ምቕያየር ናይ ሆርሞን፡ ጸኸታት ጡብ ነቲ ዝውለድ ህጻን መግቢ ዝኸውን ጸባ ከዳልዉ ከም ዘለዎም መልእኽቲ ይመሓላለፉ። ጡብ ሓንሳብ ጸባ ምፍራይ ደው ምስ ኣበለ ግን፡ እቲ ኣገባብ ጸባው ብኡ ንቡኡ እዩ ዘቋርጽ።

ነቲ ዝውለድ ህጻን ብቐጥታ ካብ ጡብ ኣደኡ ጸባ ምዕንጋል ምጥባው (breastfeeding) ተባሂሉ ይግለጽ። ካብ ጡብ ኣደ ጸባ ሓሊብካ ጸኒሕካ ነቲ ዕሸል ምዕንጋል'ውን ይከኣል እዩ። ግን ኣገዳሲ ልዑል ጥንቃቐ ዘድልዮ ይኸውን።

ጸባ ጡብ ኣደ ካበይ እዩ ዝመጽእ፧

ጸባ ጡብ ኣደ ኣብ ውሽጢ ጡብ ካብ ዝርከቡ ጸኸታት እዩ ዝመጽእ። እዞም ጸኸታት እዚኦም ነቲ ጸባ ንምድላው ዝተፈላለየ ሓብራዊ ስራሕ እየም ዝዓዩ።

- 'ኣልቮሊ' (Alveoli)፡ እዚ ኣብ ውሽጢ ጡብ ዝርከብ ፍረ ወይኒ ዝመስል ንእሽቶ ጉርጓሕ፡ ጸባ ኣብ ምፍራይን ምዕቃብን እዩ ዝሕግዝ። እኩብ/ ጭኾጭኽ ናይዞም 'ኣልቮሊ' ድማ 'ሎብለስ' (lobules) ተባሂሉ ይጽዋዕ።
- መትረብ ጸባ (Milk ducts)፡ ኩሎም እቶም ጸባ ዝዕቅቡ ጉርጓሓት ማለት 'ሎብለስ' ምስ መትረብ ጸባ ዝተራኸቡ እዮም። እዚ ሻምብቆ'ዚ ነቲ ጸባ ናብ ኣፍ ጡብ እዩ ዘብጽሖ።
- 'ኣረዮላ' (Areola)፡ ንኣፍ ጡብ ሽፊኑ ዝርከብ ጸሊም በናዊ ዝሕብሩ ቆርበት እዩ። እዚ ኣዝዩ ረቒቕ፡ ጫፋት መትኒ ዘለዎ ክፋል'ዚ፡ መዓስ ነቲ ጸባ ክለቖ ከም ዘለዎ ዝሕብር ክፍሊ ጡብ እዩ። ጸባ ካብ ጡብ ናይታ ኣደ ክወጽእ እንተኾይኑ፡ እዚ 'ኣረዮላ' ዝተባህለ ክፍሊ ኣፍ ጡብ ናይታ ኣደ ምስ'ኡ ብምስእ ክትቅሕ ኣለዎ።
- ኣፍ ጡብ (Nipple)፡ ኣፍ ጡብ፡ ጸባ ንምዝራቕ ዝሕግዝ ክሳብ 20 ዝበጽሑ ነኣሽቱ መናፊት ዘሎዎ ክፍሊ ጡብ እዩ። እቲ ኣፍ ጡብ ብህጻን ምስ ዝጠቦ ወይ ብኢድ ምስ ዝሕለብ፡ እቶም ኣብኡ ዘለዉ መትንታት ይነቓቕሑ'ሞ፡ ብቐሊሉ እቲ መናፊት ይኽፈት።



### ኣገባብ ጸባው

ሓንቲ ኣደ ጥንሲ ካብ እትሕዝ 16 ኣዋርሕ ምስ ኣቑጸረት፡

- 'ኢስትሮጅን' (estrogen) ከምኡ'ውን 'ፕሮጀስትሮን' (progesterone) ዝተባህሉ ናይ ጥንሲ ሆርሞናት፡ ክዕብዩ ይጅምሩ። ከም ውጽኢቱ፡ መትረብ ጸባ ይምጠጦ'ሞ፡ ጡብ ክገፍሕ/ ክዓቢ ይርኣ። እዚ ነቶም ጸኸታት ጡብ ጸባ ክፍርዩ ከም ዘለዎም ዝርኢ መንቀቕሒ መልእኽቲ እዩ።
- ንኣፍ ጡብ ሸፊኑ ዝርከብ ጸሊም በናዊ ኣብ ዝሕብሩ ቆርበት ዝርከቡ ጸኸታት ድማ፡ ቅብኣት ክዘርቑ ስለ ዝጅምሩ፡ ኣፍ ጡብ ክልምልም ይጅምር።
- ሰዓብ እቲ ጡብ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ልግዐ (colostrum) ክፈሪ ይጅምር። እዚ ነቲ ዝውለድ ህጻን ዝኸውን ፈላሚ መግቢ እዩ። ቀጺሉ ከም ጸረጅኡ እናቐጠለ ነቲ ህጻን ብዘዘምቻእ ኣገባብ ጸባ ይፈሪ።



### ኣብ ጸባ ጡብ ኣደ ዝርከቡ መኣዛታት

#### ፕሮቲን

ኣብ ጸባ ጡብ ኣደ 'ወይ' (whey) ከምኡ'ውን 'ካሰይን' (casein) ዝተባህሉ ክልተ ዓይነት ፕሮቲን ይርከብ። 60 ሚእታዊት ካብ ትሕዝቶ ፕሮቲን ጸባ ጡብ ኣደ 'ወይ' ክኸውን እንከሎ፡ እቲ 40 ሚእታዊት ድማ 'ካሰይን' እዩ። እዚ ምዕሩይ ዝኾነ ትሕዝቶ ፕሮቲን፡ እቲ ጸባ ኣብቲ ዕሸል ምስ ኣተወ ብቐሊሉን ቀልጢፉን ኩሓቅቕ ይሕግዝ። ኣብ ጸባ ጡብ ኣደ ዝርከብ ፕሮቲን 'ወይ' ካብ ዝኾነ ረኽሲ ናይ ምክልኻል ጠብዩ ዘለዎ ብምዃኑ፡ ኣብ ጥዕናን ዕብየትን ናይቲ ዕሸል ኣገዳሲ እዩ።

#### ስብሒ

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ንጥዕና ኣካላት ናይቲ ዕሸል ኣገዳሲ ዝኾነ ስብሒ ዝሓዘ እዩ። እዚ ስብሒ'ዚ ኣብ ዕብየት ኣእምሮ፡ ኣብ ምምጻይ ቫይታሚናት ከምኡ'ውን ኣብ ምፍጣር ጸዓት ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።

#### ቫይታሚን

ጸባ ጡብ ኣደ ክህልዎ ዝኽእል ትዝሕቶ ቫይታሚን፡ እታ ኣደ ክትወስዶ ምስ ዝጸንሐት ናይዚ መኣዛዊ ትሕዝቶ ብቐጥታ ዝተኣሳሰር እዩ። በዚ እዩ ድማ፡ ሓንቲ ኣደ ኣፍሲዳር ኣብ እትጎሃሉ እዋን ዘድሊ ዝተመጣጠነ መግቢ ክትወስድ ከም ዘለዋ ዝምከር።

ብስብሒ ተመጺየም ክሓቁ ዝኽእሉ ከም ቫይታሚን 'ኤ'፡ 'ዲ'፡ 'ኢ'ን 'ከይ'ን፡ ኣብ ጥዕና ናይቲ ዕሸል ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም።

#### ካርቦሃይድሬድስ

ኣብ ጸባ ጡብ ኣደ ዝርከብ ሽኮር 'ላክቶስ (Lactose) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። እዚ ሽኮር እዚ ቀንዲ ምንጪ ካርቦሃይድሬድስ ነቲ ዕሸል ኮይኑ እዩ ዘገልግል። እቲ ዕሸል ካብ ጸባ ኣደኡ ካብ ዝረኽቦ ካሎሪ እቲ 40 ሚእታዊት በዚ 'ላክቶስ' ዝተባህለ ሽኮር ዝፍጠር እዩ። 'ላክቶስ'፡ ኣብ ከስዐ ክፍጠር ዝኽእል ዘይድሊ ባክተርያ ኣብ ምጥፋእ ይሕግዝ። ከም ፎስፎረስ፡ ካልሽየምን ማግነዝየምን ዝኣመሰሉ ማዕድናት ተመጺዮም ኣብ ዕብየት ኣካላት ናይቲ ዕሸል ከም ዝውዕሉ ኣብ ምግባር ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።

### ቅኑዕ ኣመጋግባ ህጻን

ህጻን ውልድ ምስበለ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ጸባ ጡብ ክጅምር ኣለዎ። ክሳብ 6 ወርሒ ዕድመ ዝገብር፡ ብዘይ ዝኾነ ተወሳኺ መግቢ ጸባ ጡብ ኣደ ጥራይ ምምጋብ። ካብዚ ዕድመ'ዚ ንደሓር ግን፡ ነቲ ዘርእዮ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕብየት ንምምላእ፡ ጸባ ጡብ ኣደ ከይተቛረጸ ግቡእ ተወሳኺ መግቢ ክንጅምረሉ ይግባእ። እቲ ህጻን 2 ዓመት ክሳብ ዝመልእ ምጥባው ከየቋረጽና፡ ኣብ ከባቢና ብዝርከቡ ኣእካልን ጥረታትን ተጠቂምና ከም 'ዲ.ኤም.ከይ.' ዝኣመሰሉ ተወሰኽቲ መግብታት ከነዳልወሉ ንምከር።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247


ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ሓማስ ዕጥቁ ይፈትሕዶ ይኸውን፧



ብሰንኪ'ቲ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ከተካይዶ ዝጸንሐት መጠነ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወፍራ፡ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ፍልስጤማውያን ኣደዳ ሞትን ጥሜትን ኮይኖም እዮም። ብፍላይ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት፡ ብውሑዱ ክልተ ሰሶ ካብ ህዝቢ ቓዛ ብጥሜት ክሳቐ ጸኒሑ እዩ። ብሓፈሻ፡ ብሚልዮናት ዝቝጸሩ ቀልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም ፍልስጤማውያን፡ ተጻበይቲ ህጹጽ ረድኤት ክኾኑ ተገዲዶም እዮም። ብተወሳኺ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት፡ ብሰንኪ ምሕር ጥሜት፡ ኣብታ ወሽመጥ ቀጽሪ ናይ'ቶም ብዓጸቦ ዝተጠቕዑ ህጻናት ብሰለስተ ዕጽፊ ከም ዝዓበየ እዩም ጸብጻብት ዘመልክቱ።

ኩነታት ወሽመጥ ቓዛ ካብ ዝገደደ ናብ ዝበኣሰ ደረጃ ኣብ ዝዓረገሉ እዋን ድማ እዩ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ህጹጽ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር ጻውዒት ዘቕረበ። ብመሰረት'ቲ ዝሓለፈ ዓመት ብመንገኛነት ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ መንጎ ክልተኦም ወገናት ዝተበጽሐ ስምምዕ ድማ፡ 20 ነጥብታት ንዘሓዘ እማመ ሰላም ክቕበሉዎ ተቐሲቦም እዮም። እዚ ይኹን'ምበር፡ ንተግባራውነት ናይቲ ስምምዕ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ መጥቃዕትታት እስራኤል ኣብታ ወሽመጥ ክቕጽል እዩ ተራእዩ።

እቲ ኩነታት ኣብ ከምዚ እንከሎ'ዩ እምበኣር ምንቅስቓስ ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕ፡ ብቦርድ ሰላም ጻውዒት ዝቐርበሉ ዘሎ። ሓማስ፡ ብመሰረት እቲ ኣብ ካልኣይ ዙር ናይቲ ስምምዕ ሰፊሩ ዘሎ ነጥብታት፡ ኩሉ ዓጢቕዎ ዘሎ ኣጽዋር ኣውሪዱ ከረክብ እዩ ዝሕተት ዘሎ። እስራኤል ከኣ ኣምሳያኡ ሰራዊታ ካብ ወሽመጥ ቓዛ ጠቕሊላ ክተውጽእ፡ መሰርሕ ዳግመ ህንጻት ናይታ ወሽመጥ ድማ ክጅምር ምኳኑ እዩ ቦርድ ሰላም ዝሕብር። እስራኤል ኣብ ቓዛ ብኣየርን ምድርን መጥቃዕትታት ከተካይድ ካብ ትጅምር ንደሓር ጥራይ፡ ኣስታት 80 ሚእታዊት ካብ ህንጻታት ናይታ ወሽመጥ ዓንዮም እዮም። በዚ ከኣ፡ ኑቶም ዝፈረሱ ህንጻታት ዳግማይ ምህናጽኑ ነታ ወሽመጥ ዘይመልከዓ ኣትሒዝዋ ዘሎ ፍርስራሳት ምጽራግኑ "ቀዳምነት ዝወሃቦ" ስራሕ እናተባህለ እዩ ክግለጽ ጸኒሑ። እዚ ኩሉ ግን ሓማስ ዕጥቁ ምስ ዝፈትሕ ጥራሕ እዩ ተግባራዊ ክኸውን ዝኽእል - ብመሰረት ጸብጻባት።

ሓማስ ኑቲ ስምምዕ ከተግብር ሎም ቅነ ብቦርድ ሰላም ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ዕጥቁ ክፈትሕ ተሰማሚዑ ከም ዘሎ፡ ብመንገዲ ሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣኑ ኣቢሉ ኣፍሊጡ'ሎ። ዝ. ኣመልኪቱ ኣብ ቀረባ እዋን ወግዓዊ መግለጺ ክሀብ ምዃኑ'ውን ሓቢሩ ኣሎ። እዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ተግባራዊ ምስ ዝኸውን፡ ኩነታት ወሽመጥ ቓዛ ናብ ኑባሪ ፍታሕ ገጹ ክምርሕ ትጽቢት ይግበር - ብመሰረት ተንተንቲ ፖለቲካ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ እዋን ኣስታት 1.5 ሚልዮን ዝኾኑ ፍልስጤማውያን ኣብ ግዝያዊ መዕቆቢ ተኣጒሮም ከርፋሕ ህይወት እዮም ዘሕልፉ ዘለዉ። ሓማስ ዕጥቁ ምስ ፈቲሐ እስራኤል ሰራዊታ ካብቲ ወሽመጥ ምስ ዘይትስሕብ ግን፡ እቲ ግጭት ካልእ መልክዕ ክሕዝ ከም ዝኽእል ግምታት ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ነቲ ምዕራባዊ ገምገም ዝኾኑ ፍልስጤማውያን፡ ኣብ ሓደ ኣገዳ ዘየተኣማምን ጸጥታዊ ኩነታት ከም ዝርከቡ እዩ ዝነገረሎም ዘሎ። እቲ ምኽንያት ድማ፡ ኣብቲ ቦታ ሰፊሮም ዝርከቡ እስራኤላውያን፡ ኣብ ልዕሊኦም ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት የካይዱ ብምህላዎም እዩ። ካብ ጥሪ 2025 ክሳብ ሕጂ፡ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ነበርቲ ምዕራባዊ ገምገም ልዕሊ 3,000 ግዜ መጥቃዕትታት ተፈጺሞም ኣለው። በቲ መጥቃዕትታት ድማ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመትን መንፈቕን፡ ኣስታት 1,670 ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም ኣለው።

እስራኤል፡ ንምዕራባዊ ገምገም ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ከተእትዎ እያ ትደሊ። መታን ኣብቲ ቦታ ዝነብሩ ፍልስጤማውያን መረሩዎምን ተሰፉ ቀሪጾምን ክኸዱ ድማ፡ ኣብ ልዕሊኦም ግፍዒታት ምፍጻምን ንብረቶም ምህጋርን ስርሐይ ኢላ ተታሓሒዛቶ ትርከብ - ብመሰረት እቶም ጸብጻባት። የርዳኖስ ንምዕራባዊ ገምገም ካብ 1949 ክሳብ 1967 ተቖጻጺራቶ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ መሬት ናይቲ ከባቢ ናይ ውልቀ ሰባት ወይ'ውን ናይ መንግስቲ መሬት ተባሂሉ እዩ ዝምዝገብ ነይሩ። ብኡ መሰረት ድማ፡ ኩሎም'ቶም መሬት ዝነበሮም ፍልስጤማውያን ሕጋዊ ወረቐት ናይ ዋንነት ነይሩዎም እዩ። እንተኾነ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ሓደ ሰሶ ካብ ህዝቢ ፍልስጤም ጥራሕ እዩ ሕጋዊ ሰነድ ናይ ዋንነት መሬት ኣማልኡ ዝርከቡ። ዝበዝሑ ካብ'ቶም ኣብዚ ከባቢ ዝነብሩ ፍልስጤማውያን፡ ሓያሎ ዘለዉ መሬት ናቶም ምዃኑ ዘረጋግጽ ሕጋዊ ወረቐት የብሎምን። ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ከኣ፡ ሙብዛሕትኦም ነበርቲ ምዕራባዊ ገምገም ዝኾኑ ፍልስጤማውያን፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ 1967 ዝነበረ ብውግእ ሽዱሽተ መዓልታት ዝፍለጥ ኩናት እስራኤልን ሃገራት ዓረብን፡ እቲ ንዋንነቶም ዘረጋግጽ ወረቓቕቶም ስለ ዝጠፍኦ እዩ። እስራኤል ድሒራ ንምዕራባዊ ገምገም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ኣብ ዘእተወትሉ እዋን ድማ፡ እቲ ፍልስጤም ትገብሮ ዝነበረት ምዝገባ መሬት ደው ኣቢላቶ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ 60 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ምዕራባዊ ገምገም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እስራኤል እዩ ዝርከብ። ብተወሳኺ፡ እዚ ሕጂ ዳግማይ ምዝገባ መሬት ዝጀመረሉ ዘሎ ሰፊሕ ከባቢታት ምዕራባዊ ገምገም፡ መንበሪ ናይ ኣስታት 300 ሽሕ ፍልስጤማውያን እዩ።

ኣብ 1993፡ ከምኡ'ውን ኣብ 1995 ኣብ መንጎ እስራኤልን ፍልስጤምን ብዝተበጽሐ ስምምዕ 'ኦስሎ' መሰረት፡ ምዕራባዊ ገምገም ኣብ 3 ክፋል እዩ ተመቒሉ። ንሰለስቲኡ ድማ 'ኤ'፡ 'ቢ'፡ 'ሲ' ዝብል ቅጽል ስም ተዋሂብዎ። እቲ ብ'ኤ' ዝፍለጥ ከባቢታት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ፍልስጤም፡ ከባቢታት 'ቢ' ፍርቁ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ፍልስጤም ዝተረፈ ድማ ኣብ ትሕቲ እስራኤል፡ ከባቢታት 'ሲ' ግን ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ እስራኤል ከም ዝመሓደር ተገይሩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ውሳነ ንሓሙሽተ ዓመታት ጥራሕ ክጸንሕ፡ ድሕሪኡ ግን ምዕራባዊ ገምገም ኣብ ትሕቲ ፍልስጤም ክመሓደር እዩ ነይሩ እቲ ስምምዕ። የግዳስ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ እስራኤል ዝርከብ ከባቢታት ዛጊት ናብ ምሕደራ ፍልስጤም ክሰጋገር ኣይከኣለን ዘሎ።

ምዕራባዊ ገምገም ብሓፈሻ ሰፍራ ናይ ኣስታት 3.3 ሚልዮን ፍልስጤማውያን እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣስታት 700 ሽሕ እስራኤላውያን እውን ኣብቲ ከባቢ ይነብሩ እዮም። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት፡ እስራኤል መሬት ናይ'ቶም ኣብዚ ከባቢ ዝነብሩ ፍልስጤማውያን ክትምንዝዕ ጸኒሓ እያ። እስራኤል ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ከባቢ ንዝርከብ ዓድታት ፍልስጤማውያን ብምውራር፡ እናቐየደት ክትኣስሮምን ኣባይቶም ከተፅንወሎምን ጸኒሓ እያ። በቲ መጥቃዕትታት ዝተሰናበዱ ኣስታት 44 ሽሕ ፍልስጤማውያን ድማ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት ካብቲ ከባቢ ክግዕዙ ተገዲዶም። ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት ብዙሓት ፍልስጤማውያን እውን ግደ ሞትን ስንክልናን ኮይኖም እዮም። ብመሰረት ወግዓውያን ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ'ዘን ኣብ መንጎ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ግጭት ዝተኻየደለን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት፡ ብውሑዱ 1,054 ፍልስጤማውያን ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ተቐቲሎም እዮም።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ከተካይዶ ብዝጸንሐትን ገና ብእትቕጽሎ ዘላን እንተላይ ንቑልዓ ሰበይቲ ዒላማ ዝገበረ ደብዳብ፡ ዛጊት ብውሑዱ 71,369 ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 171,800 ድማ ቆሲሎም ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ወሽመጥ ቓዛ። ብሰንኪ'ቲ ደብዳባት ኣብቲ ወሽመጥ ዝሰዓበ ቁጠባዊ ክሳራታት'ውን ብኣሃዝ ክረአ እንከሎ፡ ክሳብ 57.9 ቢልዮን ዶላር ከም ዝግመት፡ ክኢላታት የመልክቱ።

- - - - - - - - - - - -



### ለኹ ማ ካብ ERI - TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዶክመንት-ንኡስ ግን ልዑል ተኣምር |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ድራማ |
| 14:00 | ሄሎ ድባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | ፊልም እትመት |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ገለብ ደሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እንዳ ዝማም |

# ባህላዊ ውርሻታትና፡ መግለጺ ክብርታትና

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቃ)




ብሄረ ኩናማ ህይወቶም ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝተመርኮሰ እዩ። ህዝቢ ኩናማ ባዕሎም ብኩናማ ንኩናማ ከተርጉምዎ እንከለው፡ ከም ጽሩይ ማለት ይጥቀሙሉ። ንኣብነት “እዚ ሰብ ጥዑይ ደዩ” ንኽብሉ፡ “እዚ ሰብ ኩናማ ደዩ” ከም ዝበሃል ደራሲት ሳንቲና ደብሳይ ኣብ’ታ “ፋርዲ” እትብል ንባህልን ክብርታትን ኩናማ እትገልጽ መጽሓፉ ገሊጻቶ ኣላ። “ማይ ኩናማ ዋላ ስዋ፡ ከም ጽሩይ” ንማለት ከም ዝጥቀሙሉ ድማ ይገልጽ።

ሕብረተሰብ ኩናማ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ እምነት፡ ወግዕታት፡ ወርሻ፡ ሃይማኖት ዘለዎ ክቡር ህዝቢ እዩ። ክርስትናን ምስልምናን ኣብ ሓደ ሓያል ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ “ኣና” ድማ ይኣምኑ። ሕማቕ ነገራት ምስ ትገብር፡ ሰብ ምስ ትብድል፡ ኣምላኽ ዘይፈትዎ ስራሕ ብምግባል ከም ዝጸገዎ ይሕብር። ምስ ዝሸገሩ “ኣምላኽ ኣሎ” ዝብል ብሉጽ መጸናንዒ ቃልን ክብርታትን ኣለዎም። ብሓሶት ምስ ትምሕል’ውን “ዓይኒ ኣምላኽ ኣይትድፈን” ዝብል እምነት ኣለዎም።

በዚ መሰረት ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኩናማ ዝግበር ዓመታዊ ባህላውን ሃይማኖታውን በዓላት’ውን፡ እዚ ዘልዓልናዮ ዝሓቁፍ ካብ ብሉጻት ክብርታትና እዩ። ከም ኣብነት ካብቲ ባህላዊ ጽንብላት ንምጥቃስ፡ “ሲጋ ሰሰ”፡ “በብያ”፡ ኣብ ገሊኡ ከባቢ ድማ “በብኑጃ” ተባሂሉ ይፍለጥ። ቅድሚ ማሕረስ ምጅማሩ ድማ፡ መሬት ዋና ስለ ዘለዎ፡ ዓመት ምሉእ ዝረኸበ ንኽበጽሆን ብርኩት እቶት ንኽርከበን ተባሂሉ፡ ንዕኡ ኣብ ዝተዓለመ ቦታ ሰበኣት “ኣና ኢላ” ጥራይ ከበዶም በጊዕን ጤልን ሓሪዶም ኣብ ሓዊ ጠቢሶም ብምብላዕ ንዓዲ ይኣትዉ። እቲ ደም ድማ ኣብ ሓምሓም ተቐቢሎም ብላኻ ገደርም ገዛ ገዛ ይዕጽግዎ። ደቂ-ኣንስትዮ ከምኡ’ውን ኣና ኢላ ዘይበጽሑ ደቂ-ተባዕትዮ ኣይሳተፉን እዮም። ድሕሪ እዚ በዓል፡ ሰብ ናብ ማሕረስ ይወፍር። ዝኾነ ወራይ መርዓን ካልእ ንጥፈታትን ይቋረጽ። ነቶም በጊዕን ጤልን ዝወፈዩ ዓዲ ድማ ሓንቲ መዓልቲ ብሓባር ይሓርስሎም።

ብዘይካ’ዚ ህዝቢ ኩናማ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት፡ ዝተፈላለዩ ዓበይትን ንኣሽቱን በዓላት ኣለውዎም። እዚ ልምድን እምነትን እዚ ድማ ከም ምኽባር፡ ምትሕግጋዝ፡ ዝኸሪ ምውታን፡ ምዕቃብ ኣከባብን… ዝኣመሰለ ልምድን ያታን ሓቝፉ ይነብር። ከምኡ’ውን እቲ ዝዓበየ ማሕበራዊ ንጥፈታት ዘካተተ፡ ብሰንኪ መግዘእቲ ዝሰሰ ዓቢ በዓል ቱቱ፡ ምስጋና ዝቐርበሉ በዓል ኩንዱራ፡ መንእሰያት ተጻዋርነቶም ዝፍትኑሉን ምኽባርን ናይ ስራሕ ባህሊን ዘጥርዩሉን ብዓመታት ተፈቲናም ዝሓለፉሉን መድረኽ ዝሓቁፍ ዓቢ በዓል “ዳሽቢ” እውን ኣለዎም። ብዘወሳኺ ኣብ በዓል ማስቀል ብብደረጃኡ ዝተፈላለዩ ጽንብላት ዝሓቖፈ፡ ኣብ ወርሓት መስከረም እቶት ምስ ኣተወ ምስጋና ንኣምላኽ ዝበዓል “ኣና ሳሳን” ካልእን ገለ ካብቲ ብዙሕ ወግዒን ልምድታትን ናይዚ ብሄር እዩ።

ሕብረተሰብ ኩናማ ብዘሐ ህርመትን ዝተፈላለየ ጸወታታትን ዘለዎ ሃብታም ብሄር እዩ። እዚ ጸወታ ድማ ዝተፈላለየ ጽንብላት ኣማእኪሉ፡ ኣብ ዝተፈለለዩ እዋናት ይነብር። ኣብ መርዓ፡ ወፈራ፡ ብጽሒና፡ ጥምቀት፡ ዓመታዊ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላትንን ጽንብላትን ሓዘን… ወዘተ ዝኣመሰሉ ባህላዊ ጸወታታት ድማ የጠቓልል።

ዝተፈላለየ ዓይነት ጸወታታት ድማ ኣለዎ። ንኣብነት “ኡኩንዳ” ኣብ መርዓን ናይ ሓገስ ኣጋጣሚታትን ዝጽወት ክኸውን እንከሎ፡ ኣሻ፡ ኡሉዱ ኣንደ ከብላ ዕድመ ጸጉብ ምስ ዝመውት ብደቂ ደቃ/ቁ ንመዋቲ ዝጻወቱዎ ልምዲ እዩ።

ኣብ ሕብረተሰብ ኩናማ ዕድመ ጸጊቡ ሸምጊለ ምስ ዝመውት ‘ክሽክሽ’ ዝበሃል ብሶዕባይቲ ዝተሰነየ ልምዲ ኣሎ። ምናልባት ኣብዚ እዋን’ዚ ብኽያት ምስ ዝሰምዕ ንመዋቲ/ት ደቂ ደቃ/ቁ “ኣለናልኩም ንሕና ተካእቲ ተወሊድና ኣለናንዶ” ብምባል፡ ዕልል ይብሉ’ሞ፡ ብኽያት የቋርጹ። እዞም ክሽክሽ ዝበሃሉ መንእሰያት፡ ኣብ ተሰኩር ባህላዊ መስተ ኩናማ ‘ኢይፋ’ ሐዙም መጺኦም ኳይላ ይጻወቱ’ሞ፡ ሳም ወይ ብዕራይ ይወስዱም። ብድሕሪዚ ዓዶም ከይኣተዉ ኣብ ሓደ ሩባ ሓሪዶም ብማይ ኣብሲሎም ይበልዕዎ። እዞም ክሽክሽ ኣብ ሞት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ወፈራ ማለት ኣቦ ሓጎኦም ብዙሕ እቶት ምስ ዝርከበ’ውን፡ ብናታቶም ወጻኢ ባህላዊ መስተ ኢይፋ ኣዳልዮም ህዝቦም ዓዲሞም ብወፈራ ይዓጽዱሉ። ኣብ መኼዳ’ውን ከምኡ የኸዱሉ። ኣቦ ሓጎኦም ድማ ከብቲ ይሓርደሎም። ምሉእ ለይቲ ከኣ እናደረፉ ይሰርሑ። ሳንዶዱ (ጎዳ ኣናና) ዝበሃል ብዘይ ጣቕዒትን ከበሮን ብሓባር ዝድረፍን ከም ኩዱዳን ካልእ ንእቶቶም ዝምልከት ዝተፈላለየ ደርፍታትን ድማ ይደርፉን ይጻወቱን።

ኣብ ጻህያይ ከኣ ብወፈራ ምስ ዝጸነሁ ኣብ ግራት ሰፊር ጻጻ ምስ በጽሐ፡ ከም ዕረፍቲ ሹዋ ይጻወቱ። ሹዋ ብጣቕዒት ወድን ጓልን መን ሰዓረ ዝረባረቡሉ ጸወታ ክኸውን እንከሎ፡ ሺላ ኩብላ፡ ኩዱዱ፡ ካወና… ንጆጋ ደቂ ኩናማ ዝጋጠሞም ጸገማት ብዘይ ማይን መግቢን ብዲህም ንዘመኩትዎን ዝሰገርዎን እዋናት ዝገልጽ ዝተፈላለየ ደርፍታት እዩ። ከም ማርዱ ኩብላ፡ ኣናንዲሌ፡ ኣናንዶብ፡ ባሰና፡ ሺኪንዲልኪ… ካልእን ኣብ መርዓ ዝጻወትዎ ጸወታ’ውን ኣሎ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ዝጽወት ከም ብዓል ቱንጉሊ፡ ሳላንጋ ኣዱጋ ኢጊ፡ ኢያሳን… ዝኣመሰሉ ብዙሕ ህርመት ዘለዎ ጸወታ ከም ዘሎ’ውን ኣይርሳዕን።

ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኩናማ “ዲባ” ዝበሃል ሰበኡት ጥራይ ዝኸድዎ በሪኽ ቦታ ኣሎ። እዚ ቦታ ብርኽ ዝበለ ስለ ዝኾነ፡ ብርሑቕ ናብቲ ዓዲ ዝኣቱ ጋሻ ምስ ዝርእዩ ቅድሚ ናብ ዓዲ ምእታው ተቐቢሎም ኣብቲ ቦታ ማይን መግብን ይቕርቡሉ። ብድሕሪኡ ምኽንያት መምጽኢኡ ይሓቱዎ። እቲ ጋሻ ምስ ዝመጽእ፡ እቶም ገዛ ርኹባት ምስ ዝኾኑ ጤል ይሓርዱሉ’ሞ ብሓባር ይቋደሱ። እቲ ጋሻ ወዲ ምስ ዝኸውን ምስ ኣውዳት፡ ሰበይቲ ምስ ትኸውን ድማ ምስ ኣንስቲ ከም ዝሓድሩ ይግበር። እዚ ሓደ ካብቶም ኣብ ብሄረ ኩናማ ዝዘውተሩ ብሉጻት



ያታን ክብርታትን እዩ።

ኮላ ኪሻ፡ ኣብ ከባቢ ኮሎኩ ዝለዉ ዓድታት ዝቕመጡ ህዝቢ ኩናማ እቶት ምስ ኣተወ ንኣምላኽ ዘመስግኑሉ ዓመታዊ በዓል እዩ። መራሒ ናይቲ በዓል ኣብ ገዛኡ ስዋ ይግበር። ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ብድሌቱ ከከም ዓቕሙ ንስዋ ዝኸውን እኽሊ የዋጽኦ’ሞ፡ ኢይፋ (ዱጋ) ከኣ ይጽሞቑ። ካብ ጎደቦ ዓድታት ጠስሚ፡ ስዋ፡ ጸባ…ሐዙም ምስ መጹ ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ ምስ ኮነ እቶም ሰበኡት ነቲ ዘምጽእዎ ሽሻይ ሐዚሞ ናብቲ ቅዱስ ቦታ ይኸዱ። ኣብ መቓብር ናይ’ቲ መራሒ ማገና ናቡላ (ዓቢ) ኩይናም ኣምላኽ ብሰላምን ጥዕናን ዓመት ንዓመት ንኽጸንሖም ጸጸቢቑ ብምምናይ ድማ ጸሎቶም ኣዕሪጎም ይምለሱ። ናብቲ ቦታ ዝኸዱ ጸጸምዲ ክኸኑ ይምረጹ። ሕሙም ሰብ እንተሎ’ውን ምስኦም ይማልእዎ። እዚ ዝግበረሉ ምኽንያት ድማ ሕማሙ ይሕሾን ይሓውን’ዩ ተባሂሉ ስለ ዝእመን እዩ። ብድሕሪዚ፡ ኣውዳት ጥራይ ከም ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኩይናም ብጣቕዒት

*መጓባሲና በሊዕልና*
*ንግና ዝኸውን ፈጣሪ ሂቡና*
*ተሓጺቡ ንተሓገስ*
*ክብሪ ንዕኡ…*

እናበሉ ይደርፉን ይጻወቱን። ብኻልእ ወገን ኣገባብዘን ጎረዛትን ናብ’ቲ ንበዓል ተባሂሉ ዝተሓርሰ ግራት ክልተ ሰብ ጭግራፍ፡ ሓደ ብዓል ሻምብቆ፡ ሓደ ከኣ ብዓል ቀርኒ ምስኦቶም ከይዶም ይጸንሑ። እቶም ወፋሮ ጻህያይ ቅድሚ ምጅማሮም እቶም ሰብ ጭግራፍ፡ ጭግራፎም ደጋጊሞም ይወቕዑ። ኣርባዕተ ግዜ ምስ ወቕዑ ድማ ብድሕሪኡ ደው ከይበሉ ጻህያዮም ወዲኦም ይምለሱ።

ኣብ’ዚ ህሞት’ዚ ድሕሪ’ቲ ስራሕ ምውዳኦም ማለት እዩ፡ ዝኾነ ሰብ ናብ ቦታ ካልእ ከሎግስ ኣይፍቀደን። ኣብ ሓደ መኣከቢ ቦታ ኩይናም ድማ ይጽበዩ። ብሓባር ድማ ናብ ገዛ እንዳ’ቲ መራሒ ይኣትዉ። እናተበራረዩ ኣውዳዮምን ኣዋልዶምን ድማ ብጣቕዒት ሽደባ ይጻወቱ። ጸወታ ተቛሪጹ ድማ እቲ መራሒ ሰሰናዩ ተመኒዩ ይምርቆም። ብድሕሪዚ እቲ ክሽይድ ዝደለየ ይኸይድ፡ እቲ ጸወታ ግን ከም ዘለዎ ብጣቕዒት ጥራይ ይቕጽል።

ኩንዱራ ኣብ ኮና፡ ኣብ ታጉዳ ድማ ብዳሸቢ እናተባህለ ዓመት-ዓመት ዝበዓል ልምዲ ኣሎ። ኣብ ኮና ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ ታጉዳ ድማ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ይበዓል። ኣብ ታጉዳ ኣከባበራ ናይዚ በዓል ካብቶም እንዳታት ስዋ ኣብ ገዛን ኣብ ናይ በዓል ስፍራን ይዳለ። ኣብ ሳልስቲ ከኣ ኩሎም ከባቢታት ናብቲ ጎቦ ከይዶም ካብቲ ዝተጻምቀ ስዋ ሰትዮም ድሙቕ ጓይላ ይጻወቱ። ሽማግለታት ዓዲ ድማ ሰሰናዩ እናተመኑ ይምርቅዎም።

ብድሕሪዚ እቶም ዓበይቲ ዓዲ “በሉ ማሰዩ ስለ ዘሎ ቀልጢፍኩም ኣርክቡና” ኢሎም መሪሖሞም ይኸዱ። ንዳሸቢ ይዳለዉ ማለት እዩ።

ኣብ ዳሸቢ እኽሊ ካብ ገዛገዛ ተዋጺኡ ኣዋልድ ጥሒነን ይልንቅጣኦ። ኣንስቲ ድማ ኢይፋ ማለት ባህላዊ መስተ ስዋ ይገብራ። ኣብ ገዛን ኣብ ቦታ ናይቲ በዓል ዝግበረሉ ኩይነን ድማ ይጥጅእኦ።

ስዋ ልዕሊ ዝተኣልከሉ መዓልቲ፡ ኣውዳት ናብ ሃደን ክወፍሩ እንከለዉ ዝራኸቡሉ ሓደ ፍሉጥ ቦታ ኣለዎም። ኣብኡ ከይዶም ኮፍ ይብሉ። መራሒ ድማ መሪቑ የፋንዎም። ካብ ሃደን ክምለሱ ከለዉ፡ ሓንቲ ቃል ከይተዛረቡ ኣብታ ቦታ ይበጽሑ። እቲ መራሒ ብርኩታ መሳሊ መግቢ ሐዙ ይጸንሖም። ካብኡ ቀጺሎም ንዓዲ ይኣትዉ። ንጸባሒቱ እቶም ኣጓብዘ ጥራይ ‘ክንጃ’ ኣብ ዝበሃል ቦታ ከይዶም ንሓድሕዶም ብስሉዕ ክጋረፉ ወዒሎም ይምለሱ። ኣብ ሳልስቲ ድማ ስዋ ይእለኹ። ኣብ መበል ራብዓይ መዓልቲ ከኣ ኣብቲ ስዋ ዝተጸምቀሉ ቦታ ኩሉ ህዝቢ ይእከብ። እቶም ኣገባብዘ ከኣ ነቲ ሓድሽ ክዓናም ነተን ኣዋልድ ብምሓብ፡ ናብቲ ቦታ በዓል ከም ዝኸዳ ይገብሩ። ንሶም ድማ ከግረፉ ንሩባ ይወርዱ። ናይ ሳዕሊ ክዓውንቶም ምስ ኣውጽኡ ድማ ብስሉዕ ይህረሙ። ቀጺሎም ኣብ ዒባ ተቐቢሩ ብዘበረ፡ ልምሉም ሻሞጥ ይህረሙ።

ኩሉ ነዚ ወግዒ’ዚ ዘካይዱ ዓበይቲ እዮም። ኣብቲ ሩባ ብሸበዶም ኣደቂሶም ይገርፉዎም። ብፍላይ ኣዋልድ እንክርእዩ ይጽመሙ። ናብ’ቲ ስዋ ተገይሩሉ ዘሎ ቦታ ድማ ኣብዚ በዓል ጥራይ ዝድረፍ “ኣሻ” እናደረፉ ይኸዱ። ኣብቲ ከባቢ ምስ በጽሑ ድማ ኢይፋ ብሸሞንተ ሐሳብ ናይ ስዋ ገይረን ይቕበላኦም። ኩሉ ሰብ ካብኡ ምስ ጠዓመ፡ ዓበይቲ ዓዲ ሰሰናዩ ተመንዮም መሪቖም ነቲ በዓል ይጅምርዎ። ኣጓብዙ ኣዋልድ ሐዚናሎም ዝኾኑ ሓድሽ ክዓውንቲ ቀይሮም፡ ጓይላ ትጽወት ወዓሎም ንዙኦም ይኸዱ። ምሸት ኣዋልድ ካብ ክልተ ሰለተ ንላዕሊ ኩይነን ኣብ ገዛ ይጸበያ። እቶም ክግረፉ ዝወዓሉ ድማ ካራ ኣብ ቁልፌ ኣተርር ኣቢሎም ብምእሳር ናብተን ኣዋልድ ይኸዱ። ብድሕሪዚ፡ እተን ኣዋልድ መጀመርታ ነቲ ዓቢ ድሓር ከኣ ንምንኣሱ ብሕንጥልጥሊተን ይፈትሓሎም። ሳእናም ምስ ኣውጽኡ ድማ ስዋ ይቕረብ።

መራሒ ናይቶም መንእሰያት፡ ስዋ ተቐቢሉ ብማይ ኣቃጢኑ ንብዓቲ ይህቦም’ሞ፡ ኣፎም ብኡ ኣጸጊቶም ይመልሱዎ እምበር ኣይሰትዩዎን። ዘይቲ ኣሚቑን ድማ ነቲ ብመግረፍቲ ዝተሃረምዎ ቁስሊ ይደርዝሎም። ብድሕሪዚ ገዛኦም ይኸዱ። ምስኦም ዘይተገረፈ እንተተሓወሰዎም ድማ እቲ ናቱ ኩናት ንደገ ይድርበዮ፡ ሰላሕ ኢሉ ብምውጻእ ይኸይድ።

ስዋን መግብን ከኣ ኣብ እንዳ ኣደኦም ከይዶም እዮም ዝምገቡ። ካብቲ እንዳ ኣዋልድ ክወጹ ከለዉ ድሕሪት ዝተረፈ ይግረፍ - ይቕጻዕ ስለዝኾነ፡ ኩሎም ተመራሪሖም እዮም ዝወጹ። መራሒኦም ስለ ዝሕተት ንሱ ይቆጻጸር።

ንጸባሒቱ ኣብ ዕረፍቲ ወዓሎም፡ ደሮ ንበዓል ኩንዱራ ካብ ሰር ሞሞና ዝሰራሕ ደምጺ ቀርኒ ይንፋሕ። ብስራት ዳሸቢ ምኧኑ እዩ። ምሉእ መዓልቲ ከኣ ክንፋሕ ይውዕል። ንጸባሒቱ እንተኾነ’ውን ዳሸቢ (ኩንድራ) ተባሂሉ ክልተ ሓምሓም ብዕንዲዳ ኣላጊቦም ቀርኒ ዓጋዜን፡ በበዓይነቱ ደምጺ ዘለዎ ክልተ ሰለስተ ተሰሪሐ፡ እናነፍሑ ብዘይ ከበሮ ይጻወትዎ።

ደቂ-ኣንስትዮ ተቐኒየንን ተሸላሊመንን ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዝኾና ነዊሕ ጸጉረን ምስ ነዊሕ ጸጉረን፡ ቀራጭጭ ምስ ቀራጭጭ፡ ኣድ ንኣድ ተተሓሒዘን ይስዕስዓ። መበል ራብዓይ መዓልቲ ኣብ ዝሓዘሉ እዋን ድማ እቶም ኣውዳት ዝኾኑ ኣብ ቅድሚኦም ዝጸንሐም ጤል ወይ በጊዕ ይሓርዱ። እቲ ስጋ ኣብ ሩባ ኣሽወት ተጠቢሱ ዓበይቲ ሰበኡት ይበልዕዎ። ንዕኦም ኣጓብዘ ድማ ርእሲ፡ መዓንጣ፡ ካልእ ዘይጠቅም ስጋ ይድርብዩሎም። እቶም ኣገባብዘ ግን ሰቕ ኢሎም ትም ኣይብሉን። ምሸት ስለ ዝኾነ ካብቲ ጸቡቕ ናይ ሰበኡት ስጋ ሃሰስ ብምባል ኣዘንጊዖም ይበልዑ። ብድሕሪዚ ነቲ በዓል ዝምልከት ዓይነት ጓይላ ይጽወት።

ከም መርዓ ዝኣመሰለ ናይ ፈስታ ነገራት እንተኾነ’ውን ድሕሪ እዚ በዓል እዩ ዝፍጸም። እቲ ዘይምኖ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት ናይ’ዚ ብሄር ድማ ብሸምዚ ኣገባብ “ንዓመታ ብሰናይ የጽንሓና” ብምባል ይዛዘም። እዚ ልምድን ወግዒን ያታን ባህልን ሓደ ካብቶም እንሕበኖም ክብርታትና ስለ ዝኾኑ ተዓቂቦም ክኸዱ ምጽዋትና እዩ። ምኽንያቱ ሕብረተሰብ ኤርትራ ባህሉ ስለ ዘኽብር እዩ ክኸብር ክኢሉ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሉኡል ጺጋይ ሞገስ ምግባር ተረፉ ሊላ ጺጋይ ሞገስ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን08/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃብቲት ኣረፈ ምግባር ተረፉ ሃብቲት ኣረፈ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 1/10/26 ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ቤ/ፍ ዞባ ማእከል 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ስሊና ዳዊት ኣርኣያ ምግባር ተረፉ ዳናይት ዳዊት ዑቕባዝጊኣል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መብራህቱ ወልዳይ ጉብረዝጊ፡ ኣሞይ ህድኣት ጉብረዝጊ ማዘሞክ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ንወላዲያይ ብምትካእ ምስ 7 ኣሕዋተይ 7+ ደቂ መዋቲ ሓወቦይ ሓንቲ ኣሞይ ጥራይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ት/ዕድመ ገሊላ ዳዊት፡ ስም ኣደይ ኤደን ታደሰ መንግስቱ ምግባር ተረፉ ምሕረት ታደሰ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሰስት ወረ/ፍ ከሰተ ተስፋሚካኤል፡ ወ/ሮ ወይኒ ከሰተ፡ ተኸሰስቲ ቁ2.4 ዓንደሚካኤል ከሰተ ቁ2.5 ኣብርሃም ከሰተ ቁ2.6 ናህም ከሰተ 2.7 ቅሳት ከሰተ 2.8 የናስ ከሰተ፣ ንጓኹም ዝምልከት ናይ ውርሲ ምቅሊት ጉዳይ ስለዘሎ፡ ን30/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተስፋይ ሓጎስ፡ ስም ኣደይ ወ/ሮ ውዳሴ ተኸስብርሃን ጉብርያ ምግባር ተረፉ ውዳሴ ተኸለማርያም ርቤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ያቆብ ኀይትኦም ተስፋጋብር፡ ኣቦይ ኀይትኦም ተስፋጋብር ኀንጨ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ንዘቃሰቕስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ንሕና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ኣድሓኑት ኣብራሃ ሳዩ፡ ብዓል ቤተይ ጉብረሃንስ በርሀ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣቶ ዘርኣሰናይ ሞገስ ገሉ፡ "ሻሎም ሳይበር ካፈ" (SHALLOM CYBER CAFE) ዝበሃል ንግዲ ስለ ዝቐየሩ "ሻሎም መሸጣ ስጋን ወጽኢት ጸባን" (SHALLOM RETAIL SALE OF MEAT & DAIRY PRODUCTS) ተባሂሉ ክቕየረሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ን/ዞባ 04 ሎታ 4B15 ፓርቸላ G ዝርከብ፡ ብቁጽሪ ወረቐት 180881 መወከሲ ቁጽሪ 141421 ብስም ኣቦና ሓጂ ዓብደልቃድር መሓመድ ዜን ዝተመዝገበ ገዛ ብዘረጋገጽናዮ ውርሻን ብዝፈጸምናዮ ምቅሊት ውርሻን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሓዙ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣሚና ሓጂ ዓብደልቓድር
ወ/ሮ ትዕበ ሓጂ ዓብደልቓድር

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ምም/ከበ ጋዴን መ.ቁ 6021101BA0001078 ቁ. 01644 ስፍሓት መሬት 5.20 ት/ሚ/ሄክ ክራይ መሬት (ሊዝ) ናይ ጀርዲን ኦርጂናል ሰነድ ብስም እዝጊሃርያ ወልደህንጻ ደስታ ዝተመዝገበ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝበለ እንተሃልዩ፡ ብቑ.ቴሌ 07180466 ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ደዊሉ ይርከበኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

እዝጊሃርያ ወልደህንጻ ደስታ
ወከል ኣቶ ፍረዝጊ ክፍሊት

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ሩባ ዓንሰባ ቁ.ገዛ 4 መለለዩ ገዛ ASD00008905 ASP00007463 ከበቢ ዚፕ 1A173 ማእከል ከተማ ስፍሓት መሬት 342.84 ት/ሜ ብስም ለምለም ገብረእየሱስ +1 ዝተመዝገበ ናይ ሓፍተይ ወራሲት ምኳነይ፡ ብወ/ቁ 0157126 ዘረጋገጽኩሉ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሓዙ ናብ ቤት/ጽ ካዳስተርን ቤት/ጽ ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ብዘሎኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምኳነይ እሕብር፡፡

ለምለም ገብረእየሱስ

---

ብስም ወ/ሮ ምዕራፍ ኣስመሮም፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00002134 ቁጽሪ መዝገብ 00002262 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዓዲ/ከተማ ሰገነይቲ ዝርከብ ናይ ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንኣቶ መንግስ ገብረንጉስ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዓዲ/ከተማ ሰገነይቲ ቁ. ቴሌፎን 07322049፣ ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 01/07/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ተወልደመድህን በራኺ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓሰብ ቁ.ገዛ 26 ፕሎት 47 ፓርሰል E ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ብመለለዩ ቁ.ንብረት 2121729033 ዝተመዝገበ ገዛ ብስመይ ሽፋ ሓጎስ ዝተመዝገበ፡ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሓዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይ ክንፍጽም ምኳንና ንሕብር፡፡

ኢብራሂም ሽፋ +8

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ንዝርከቡ ሆቴላት መንግስቲ (እምባሶይራ/ሓማሴን፡ ኒያላ፡ ሰንትራል ኣስመራ፡ ገርግሱም ቢች ሆቴል ረድ-ሲን ሰንትራል ሆቴል ባጽዕን) ክሳብ 31/12/2026 ዝጸንሕ ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን እንቋቑሖን ከቕርቡ ንዘኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ን2ይ ግዜ ጨረታ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

* ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2024 መረጋገጺ ካብ ዕዳ ናጻ
* መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብ CPO የትሕዙ፡፡
* ተጫራታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ፡፡
* ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ (መግለጽን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ደንበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ) ብምኽፋልክወሰድ ይኽእል፡፡
* ጨረታ ድሕሪ ምዕጻዉ ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ሰዓት 10.00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ውሉድ፡ ወላዲ፡ ብዓል/ቲ ቤት) ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ይኽፈት፡፡
* ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

---

ብስም እዝግኣምን ካሕሳይ ዓንደ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00025041 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ- ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣብርሀት ጺጋይ ሃብቱ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 749-3 ቁ.ገዛ 113 ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

እዝግኣምን ካሕሳይ ዓንደ
ሕጋዊ ወኪል ካሕሳይ ዓንደ ተኽለት

---

ኣመልካቲት ጀሚላዘይነል ዓቢድ ኢብራሂም፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥንዱ (ዞባ 2 ምም/09 ጎደና ተድዓሊ ነቢ) ቁ.ገዛ 12 ሎታ 53ቢ ዝርከብ፡ ኣብ ስፍሓት መሬት 350 ት/ሜ ዝተደኮነ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ዋንነት 117359 መወከሲ ቁ.105054/105053 ብስም ወላዲተይ ነፍ/ሶፍያ ዑመር ሳልም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ው ሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሓዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን፡ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ ግን ብዘሎኒ ኦሪጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክፍጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

ጀሚላ ዘይንልዓቢድ ኢብራሂም
ወኪል ጀሚላ ዓብደልወሃብ መሓመድ

---

ኣመልካቲ ሰዩም ኢያሱ መኮንን ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 21 ፓርሰል ቲ ASP 00007616 ዚ.ብ 1A119 ስፍሓት መሬት ካብ 78.65 ት/ሜ ዘጠቓለለ ሓንቲ ክፍሊ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM015124 ብስም ዓንደብርሃን ሃብተሚካኤል +3 ዝተመዝገበ ገዛ ሓደ ካብ ዋናታት ጉብረትንሳኤ ሃብተሚካኤል ተከኤ፡ ኒታ ብጽሒቱ 21.62 ት/ሜ ንዓይ ስለ ዝሸጠለይ፡ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳኔ ሓዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኒታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡፡

ሰዩም ኢያሱ

---

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ተሰነይ ዞባ ሰላም ዞን 4 ብመ.ቁ 149551 ሰነድ ቁጽሪ 08981 ብስመይ ዝተመዝገበ ውዕል ክራይ መሬት (ሊዝ) ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበለ እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07662557 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ተኽለኣብ ኣስመላሽ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንን ከሳሲ ኣቶ ኣለምሰገድ የማን ወልዱን ተኸሳሲ 1. ወ/ሮ ርዚና የማን ወልዱ 2. ኣቶ ሕሩይ የማን ወልዱ 3. ኣቶ ሳምሶም የማን ወልዱን ዘሎ ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ቁ.3 ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ንዕለት 01/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ. 41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

መሲ መሓሪ ኣማኑ ተጸዋዕቲ 1. ስወእ ኣማኑኤል መሲ መሓሪ 1.1 ሳሙኤል ኣማኑኤል መሲ 1.2 ዩሊያ ኣማኑኤል መሲ 1.3 ካናሪ ኣማኑኤል መሲ 2. ተስፋይ መሲ መሓሪ 3. ሚካኤል መሲ መሓሪ 4. ኣልማዝ መሲ መሓሪ 5. ሄኖክ መሲ መሓሪ 6. ስምኦን መሲ መሓሪ 7. ተመስገን መሲ መሓሪ፡ ትእዛዝ ፋይል ንጉዳይ ዝምልከት ክሲ ቀሪብልኩም ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ብፍ/በ/መሰል ብዕለት 06/07/26 ጊዜራ ናይ ፕዝዘብ ምልክታ ስለ ዝመሰረተት፡ ብፍ/በ/ዕዳ ናይ ፕዝዘብ ምልክታ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ/38 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ብርሃ በርሀ እዛዝ ምግቢ ተራፉ፡ ኣቶብርሃን በርሀ እዛዝ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 07/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደሳለ ግደ ፍረምካ፡ ምግቢ ተራፉ፡ መክሰብ ግደ ፍረምካ ሞዝቲት ደሃብ ሙብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 07/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ መንደፈራ

ኣብርሃም ጉብረብርሃን ሃይሌ ኣቦሓጎና ሃይለ ወልደስላሴ ጉብረን እኖሓጎና ፍ/ሉተንስአ ኣሰለ ሄብተሚካኤልን ስለዝዋረደ፡ ኣነ ምስ 3 ህሉዋት ደቆምን ምስ 5 ተተኪእቲ ደቂ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሃም ገ/ማርያም፡ ኣቦሓጎይ ገ/ማርያም ገ/ኣምላኽ ስለዝዋረደ፡ ኣነ ምስ 6 ህሉዋት ኣሕዋተይ፡ ምስ ሓንቲ ተተካኢት ጓል ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኃይትኦም ሃይለ ወ/ማርያም፡ ጓል ሓወይ ወ/ሮ ሳባ ብርሃ ወ/ማርያም፡ ቅድሚ 30 ዓመት ካብ ሃገር ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፍእቲ ምዃና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንዕለት 01/11/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘቀሪብኩም፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ደቀምሓረ

ይግባይ በዓሊት ወ/ሮ ደሃብ ሙብራህቶም፡ ወኪል ኣቶ ተኽሉይ ኣድረሶም፡ መልሲ ወሃ. ኣቶ ይብራህ ጺጋይ፡ ንዓኹም ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኮኾብ በየነ ተኽለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ምሳየና ዘርኡም በየነ ስለዝዘተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክፍሌም በርሀ፡ ኣቦይ በርሀ ኃይትኦምን ኣደይ ኣማረሽ ጉብረስላሴን ስለዝዋረዱሉ፡ 7 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃይለ ኤልያስ ቀለተ፡ ብወከሉም ኣስመረት ክፍለ ኣቦይ፡ ኤልያስ ቀላተ ዘርኣ ስለዝዋረደ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ምሕረት ክብሮም በራኺ፡ ብዓል ቤተይ ክብሮም ሓጎስ ሙብራህቱ ስለዝዋረደ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓሊማ ኣብበከር መሓመድ፡ ኣደይ ሰዒዳ ኣሕመድሰዒድ ሳልሕ ምግቢ ተራፉ፡ ሳዕዳ ኣሕመድ ሰናድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 06/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣምለሰት ዓብለል ጉብረስላሴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣለምሰገድ ሰለሙን እምባዩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ ስምኦን ኪዳኑ ወለደይ ኪዳነ ተከኤን ንጸህቲ ተስፉን ስለዝዋረዱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ብዓልቲ ሃጸስ ረዳ ብዓል ቤተይ ዓንደብርሃን ጉብረማርያም ጉብራይ ስለዝዋረደ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኩን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 7 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 28/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ቅሳት ከሰተ፡ ተኸሳሲ ምሕረትኣብ ተኽለገርግሽ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ንገሰ ጉብረሂወት ኣቦይ፡ ተጸዋዕቲ ኣለም ጉብረሂወት ኣቦይ፡ ኢትዮጵያ ጉብረሂወት ኣቦይ፡ ዓንደ ጉብረሂወት ኣቦይ፣ ናይ ምክፍፋል ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ዓፍፍ ኣደም ዲናይ፡ ምግቢ ተራፉ፡ ዓፋፍ ናስር ኑረዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 18/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ኣድሓኑት ኣብረሀ ሳዩ፡ ብዓል ቤተይ ታደሰ ጉብረሃንስ በርሀ ስለዝዋረደ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 21/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ኣብርሃም ስምረ፡ ስም ኣደይ ጸሃይቱ ገሰሰው ኣብርሃ ምግቢ ተራፉ፡ ትዕበ ክፍለ ጉልበት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 21/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ሸሪዓ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዓሰብ

ከሳሲት ሳዕድያ ዓሊ መሐመድ፡ ተኸሳሲ ዓብዱሰላም ረዛቅ ወሃብረቢ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል ንዕለት 27/08/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ዳንኤል ሓደሽ ጉብረስላሴ፡ ኣደይ ሰላማዊት ጉብረሚካኤል፡ ሓዳር ስለ ዘይነበራ፡ ደቃ 1. ዳንኤል ሓደሽ 2. ኖ/ሄር ቻሊ ሓደሽ ተተካኢ ወዱ ሐሰን ቻሊ 3. ሊያ ሚኒንግ ስፓርክ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 20/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሚናን ካሰው ይመር፡ ኣቦና በርሀ ኣካሉ ስለዝዘተሰወኡ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ወ/ሮ ሩማና ሳልሕ ኸጢብ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምምሕዳር፡ 11 ጎደና ሳልሕ ከቢያ ቁጽሪ ገዛ ብሎክ 2 ስፍሓት መሬት 39.74 ት/ሜ ዘለዎ፡ ብየግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 101401 መወከሲ ቁጽሪ 109945/109944 ብስም ወላዲተይ ፍ/ራድያ ኣሕመድ መሓመድ ንዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብውርሲ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጅናል ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሩማና ሳልሕ ኸጢብ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ኣከለጉዛይ ቁ.ገዛ 2/4 ቁ.ምስክር ወረቐት 106584 መወከሲ ቁ.122547 ቁ/ሎታ 23 ፓርሰል E ብስም ሄር. ስራጅ ኣሕመዲንን ነ/ሄሪት ኣሚና ዓብደላን ኣቶ ኣሕመድ ኣሕመዲን ምስ ኣዲኡ ወ/ሮ ዘይነብ ዑስማን +6 ኣሕዋቱን ዝተመዝገበ ልብረቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣና፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝርከብ እንተሃልዩ፡ ብቑ/ቴሌ 07846601/122551 ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ደዊሉ ይርከበና። እንተዘይተረኺቡ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ኣሚና ስራጅ ኣሕመዲን

---

ፍቓዱ ተስፉጊዮርጊስ ተኽለ ዝተባህልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሽፍሓ ምም/ከባቢ ዓዲ-ጓዕዳድ ፕሎት "22" ፓርሰል "I" ዝርከብ ኣብ "205.79" ት/ሜትር ዝተደኮሰ ገዛ፡ ብቑጽሪ ንብረት "1BRGNF018541/2"ጠቕላላ ብዕለት 03/03/2026 ብስም ወ/ሮ ፌቨን ኣብርሃም ዑቕባሚካኤል ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብዕለት 14/02/2026 ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ፍቓዱ ተስፉጊዮርጊስ ተኽለ

---

ብስም ወ/ሮ ንጸሃ ተስፉጸዮን ጸሃዩ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 7011 ቁጽሪ መዝገብ 6243 ኣብ ዞባ ደቡብ - ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ መሸጣ ዘገልግሉ ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንኣቶ ጉብረኣብ ኪዳነ ኣስፍሃ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ተለፎን 07610406 ካብ ዕለት 01/1/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/26 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ ከቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ንጸሃ ተስፉጸዮን ጸሃዩ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰልጣና መብራህቱ ከሰተ፡ ምባል ተረፉ፡ ጆርጂና መብራህቱ ከሰተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 7/8/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ።

ብፍ/ሰ/መሰል፡ ናይ ፈጻሚ ክርክር ስለዘቕረበ፡ ብፍ/በፅዓ ወ/ሮ የማ ዘኾንኩም ፍረወይኒ የውሃንስ፡ ዮዲት የውሃንስ፡ ክብርኣብ የውሃንስ፡ ወረ/ሮ ስወእ ብርሃ የማ፡ ቢንያም ብርሃ፡ ሉተንሳኤ የማ፡ ሂወት የማ፣ ንዘቕርብ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል መልሲ ሒዝኩም ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ. 39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ኣማራሽ መብራህቱ፡ ንተጸዋዕቲ ወረ/ሃፍ/ ሂር ጸጋዮ መብራህቱን ሰፋኒት ያሲንን ናይ ውዕል ወሃብቶ ምጽዳቕ ምልክታ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ክኢል መልሲ ሒዝኩም ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣነ ኣቶ ሰዒድ ዓብድልቃድር መሓመጣህር፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/05 (ምም/ን/ዞባ ገዙጥንዳ) ጎደና ጀግኖች፡ ቁ/ገዛ 74 ቁጽሪ ሎት 32 ቁ/ፓርቸላ F ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑ/ምክር ወረቐት 105195፡ መወከሲ. ቁጽሪ 119112 ብስም ነ/ሄር ነጋሽ በሻር ዓብዱርሓም ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኦሪጂናል ሊብሬቶ፡ ስለ ዝጠፍኣና፡ ብዕዳ ሓሂዞ ዝበል፡ ወይ ረኺቡዎ ዝበል ብቑ/ቴለ 07143706 ክሕብረኒ፣ እንተዘይተረኺቡ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ሰዒድ ዓብድልቃድር መሓመጣህር

ኣነ ኣመልካቲት ተባሂለ ስመይን ኣድራሻይን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰኩ ነባሪት ከተማ ተሰነይ ምም/ከብቢ ሽዕብ ኮይኑ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ከተማ ተሰነይ ምም/ከብቢ ሽዕብ ዝርከብ ናይ ትካል ገዛ፡ ብዞን 07 ብሎክ 30 ቁ/ገዛ 252 ስፍሓት መሬት 70 ት/ሜትር ብስም ኣቶ ተኽሎም ተስፋዝጊ መንደር ዝተመዝገበ ሰነዳት ናይ ትካል ገዛ፡ ብመወከሲ. ቁጽሪ 141321 (043905) ቁጽሪ ቅጥዒ -5-N0 000315 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ብዓል መሰልን ናይዚ ገዛ ካርታን ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሓሂዞ ዝበል ወይ ዝረኸቦ እንተሎ፡ ብቑ/ቴለ 07404371 ክሕብረኒ ብትሕትና እሓትት።

ወ/ሮ ሄለን ተስፋጋብር በርሀ

ብስም ወ/ሮ ትርሓስ ኣብርሃ ተኽሉ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-5894 ቁጽሪ መዝገብ DAR-5430 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይክ ዝርከብ ናይ GAC-GCt ትካለይ፡ ንኣቶ ኣማኑኤል ተኽለሃይማኖት ሰብሖቱ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይክ ተሌፎን 07508313 ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 31/06/2018 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ትርሓስ ኣብርሃ ተኽለ

ኣቶ ፍጹም ኣፈወርቂ ቦኽረጼን ሃብተጋብር፡ ኣቦኡ ነፍ/ ኣፈወርቂ ቦኽረጼን ሃብተጋብርን ኣዲኡ ነፍ/ ርዚና ሃብተስላሴ ዑቕባዝብርኤልን፡ ብዕለት 17/11/2026 ዓ/ም ብቑ/መዝ 23/2006 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደባርዋ ቀሪቦም ብሀያብ ዝሃቡዎ ገዛ፡ ኣብ ን/ዞ/ ደባርዋ ምም/ዞ (02) ገዛዕዳማ ዝርከብ ሓደ ህድሞን፡ ሓደ መረብዕን ኣብ ቅድሚ 3 መሰኻኽር ገይሮም ወሂቡዎ ስለዝሃቡዎ፡ ይጽደቐለይ ኢሉ ስለዘመልከተ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/2026 ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ፡ እዚ ስም ዋንነት ገዛ ናብ ስሙ ክመሓላለፍን፡ ብስሙ ካዳስተር ክምዝገበን ምዃኑ ቤት ፍርዲ የፍልጥ።

ፍጹም ኣፈወርቂ ቦኽረጼን ሃብተጋብር

ብስም MEAZEN P.L.C ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00042151 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 63 ዝርከብ ናይ ስቴሽነሪ ትካለይ፡ ንኣቶ ሚከኤል ተስፋየውሃንስ፡ ኣድራሻ ዞባ ኣጥሻውል ጎደና ወድጋን ቁ.ገዛ 24 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሰምረት ፍስሃየ

ብስም ወ/ሮ ትርሓስ ተስፋጊዮርጊስ ሓገሱ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0500 ቁጽሪ መዝገብ DAR-0417 ኣብ ዞባ ደብብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ዓዲ/ከተማ ቶኾንዳዕ ዝርከብ ናይ J20 ትካለይ፡ ንኣቶ ኣልኣዛር ሃይለ ሃብተገርግስ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ ከተማ ዓዲ ቐይሕ 07463044 ተሌፎን ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 01/07/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ፡ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ትርሓስ ተስፋጊዮርጊስ

ብስም ቀደሽ ዘርኡ ዘወልዲ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00022808 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና ዳህላክ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሃዋርያት እንድርያስ ወልደስላሴ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና 195-1 ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/04/2026 ክሳብ ዕለት 31/03/26 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ቀደሽ ዘርኡ ዘወልዲ
ሕጋዊ ወኪል የውሃንስ ዘመድብርሃን

### ጨረታ

ኣንድያሞ ኤክስፕሎረሽን (Andiamo Exploration Ltd) ቶዮታ መኪና ከምዝሸጥ፣ ካብ ቀረጽ ናጻ ዝኾነት ብጨረታ ንምሻጥ ስለ ዝደለና፣ ዝርዝር ናይታ መኪና ነቕርብ።

| No | year of manufacture | Make and Model | Registration Number | Condition |
|---|---|---|---|---|
| 1 | 2011 | TOyota Land Cruiser JXL prado double cabin | ER 8 A 0372 | Good |

1. ተጫረትቲ፡ ዝተዓሸገ ናይ ጨረታ ሰነድ ጋዜጣ ካብ ዝወጸትሉ ኣብ 7 መዓልቲ ናብ ኣንድያሞ ኤክስፕሎረሽን የቕርቡ።
2. መኪና ንምርኣይ ኣብ ናይ ኣንድያሞ ኤክስፕሎረሽን ቤ/ት ጽሕፈት፡ ኣብ ሰርጁ ህንጻ ጎደና ዋርሳይ ኣስመራ ክርእዩዋን ይኽእሉ እዮም።
3. ኣንድያሞ ኤክስፕሎረሽን ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ፡ ብጨረታ ኣይግደድን።

### ሓራጅ

ቤት-ፍርዲ 1ይ ደረጃ ሰንዓፈ ብዕለት 27/05/2026 ዓ/ም ቑ/መዝገብ 288/2025 ዝሃቦ ትእዛዝ መሰረት ብምምርኮ፡ ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወይዘሮ ሰለማዊት በርሀ፡ ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ግርማይ በርሀ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሓጂ ኑር ሑሴን መሓመድ ዘሎ ክርክር ናይ ገዛ ኮይኑ፡ ናይ ከተማ ሰንዓፈ ዞን 3 ኣብ ሓከር ከባቢ ናይ ብሕታዊ 4 ክፍሊ ገዛ ክሽነን ሽቓቕን ዘጠቓልለ ምስ ካንሸሎኡ ቁመት 22 ሜትሮ፡ ጎድኒ 8 ሜትሮ ስፍሓት መሬት 176 ት/ሜተር ዘጠቓልለ ኮይኑ፡ ብሓራጅ ተሸይጡ ሰብ ጉዳይ ብጽሒቶም ክወስዱ ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፡ በዚ ትእዛዝ መሰረት ንምፍጻም፡ እዚ ገዛ ብሓራጅ ብምሻጥ ብክኢላ ክፍሊ ተገምጊሙ ህሉው ዕዳጋ ንሓደ ገዛ 424.896X4=1.699.584 (ሓደ ሚልዮንን ሽዱሽተ ሚእትን ተሰዓን ትሽዓተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሰማንያን ኣርባዕተን ናቕፋ) መበገሲ ዋጋ ሓራጅ ዝተገመተ እዩ። ስለዚ፡ ኣብዚ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለተ ሓራጅ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ናይቲ ዝተረቝሐ መጠን ገንዘብ ኣብ ሰታሪት ፖስጣ ዓሺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ ቁ/12 ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ ክእቱ ይኽእል። ኣብ ዕለተ ሓራጅ ድማ ናይቲ ብክኢላ ዝተዋህበ ግምት 1/4 (ሓደ ርብዒ) ብስም ፈጻሚ ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንኪ ተጠራቓሚ ደብተር ብኣካል ወይ ድማ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይቀሪቡ፡ ሓራጅ ደው ኣይብልን። እዚ ገዛ ብቐዳሙ ክርኢ ዝደሊ፡ ናብ ኣቶ ግርማይ በርሀ ቁ/ቴ 07280401 ደዊሉ ክርኢ ይኽእል እዩ።

ዕለት ሓራጅ፦ 13/08/2026 ዓ/ም
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ቐይሕ
ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ቁ/12 ፈጻሚ ፍርዲ መጺእኩም ክትወክሱ ትኽእሉ።

ፈጻሚ ፍርዲ ዓዲቐይሕ

# ካብ ዘባታት

## "እቲ ዓቕብ፡ ቀልቀል ምኳኑ ኣሚነ'የ ተበጊሰ"

### ሓረስታይ ገብረመድህን ገረዝግሄር

ኢብራሂም ነፋዕ

ን/ዞ/ጊንዳዕ



ኣብ ማሕረስ ጉዕዞ ሂወት፡ "እቲ ዓቕብ ቀልቀል'ዩ ጥራይ ተበገስ፣ እቲ ሸግር ሓለፈይ'ዩ ጥራይ ተዓገስ" ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። እዚ ኣነቓቓሒ ሓሳብ'ዚ፡ ብኸንቱ ኣይተባህለን። ምስጢር ዓወት፡ ትዕግስቲ ኣወጊድካ 'ክሰርሕ'የ' ብምባል፡ ተበጊስካ ኣቐዲምካ ንስራሕ ደሊው ምኳን ምኳኑ ዘየማትእ'ዩ። ብዙሓት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዓወት ዝበጽሑ ሰባት፡ ብከቢድ ሸግርን ማሕለኻታትን ዝሰገሩ ምኳኖም'ውን ታሪኽም ምስ እንውከስ እንረኽቦ ሓቂ እዩ። ስለዚ፡ ሸግር ምስ ዘጋጥመና፡ ክሓልፍ ምኳኑ ትዕግስቲ ገይርና፡ ዘይስዕር ከም ዘየለ ምእማን መፍትሒ ጸገማትና ከም ዝኾነ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። በዚ ከኣ፡ ብርእሰ ምትእምማን ኒሕን ሓቦን ዓጢቕና ክንሰርሕ ከም እንኽእል ንገዛእ ነፍስና ነኣምን። ንጸበብ ሰጊርና ናብ ራህዋ ምስ በጻሕና ድማ ክንሕጎስ ኢና።


ስራሕ ክብረት'ዩ

ሓረስታይ ገብረመድህን ገረዝግሄር ወዲ 80 ዓመት እዩ። ንሱ፡ ካብ ሓረስቶት ስድራ ይወለድ ደኣ'ምበር፡ ካብ ግዜ ንእስነቱ ጀሚሩ፡ ፍቕሪ ማሕረስ ዝነበሮ ሰብ'ዩ። ኣቐዲሙ'ውን፡ ካብ 1976 ኣትሒዙ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ምስ ዝነበሩ በርቂ ምብራቕ ሓፋሽ ውድባት፡ ኣብ ሃንደሳ ተመዲቡ፡ ክሳብ ምምጻእ ናጽነት ኣብ ጎደና ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፉ እጃሙ ዝወፈየ ዜጋ'ዩ።

ብጻዕሩን ሓርኮትኮቱን ዝፍለጥ ሓረስታይ ገብረመድህን፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ካብ 1993 ጀሚሩ፡ ኣብ'ቲ ብንእስነቱ ዘፍቅሮ ሞያ ሕርሻን መንደቕን ተጸሚዱ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ትካላት ከም ኩባንያ ህንጻ ሰገኡ ህንጻ ገደም፡ ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲ ሕርጊጎን ካልእ ናይ ውልቂ ትካላትን ሰሪሑ'ዩ። ሓረስታይ ገብረመድህን ኣብ 2014 ድማ ንሕርሻ ዝኸውን መሬት ብጥበእ ምስ ሓተተ፡ ብምውሃዱ ምምሕዳር ከባቢ ደንጎሎን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጊንዳዕን ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ናይቲ ንኡስ ዞባን፡ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ደንጎሎ ታሕታይ ንሸነኽ ደብባዊ ምብራቕ

ደሊው ገይሩ፡ ይቕጽል ኣሎ።

ብዘይካዚ፡ ሓረስታይ ገብረመድህን ኑቲ ናብ'ቲ ግራት ዘእቱ ዝነበረ ዝዓነወ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ጎደኒ ጎደኒ ንጥፈታቱ ብዓቕሙ መለኪዩ፡ ሰርፔሎን ካልእ መሳለጥያታትን እናተጠቐመ፡ ኑቲ ይትረፍዶ ንመኪይን ንእግሪ'ውን ኣሸጋሪ ኮይኑ ዝጸንሐ ኣስታት 2 ኪሎ ሜትር ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ጸጊኑዎ ይርከብ። ሳላ ከምዚ ዝበለ ከኣ ካብ 2016 ኣትሒዙ፡ ናይ ማሕረስ ትራክተራት ናብ ግራቱ ኣትየን ክሓርሳ ጀሚረን። እዚ፡ ንረብሓኡ ጥራይ ሓሲቡ ዝገበሮ ዘይኮነ፡ ንኹሎም ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሓረስቶት'ውን ኣብ ግምት ዘእተወ ቅዱስ ተበግሶ ምንባሩ ይሕብር።

ኣቦታዊ ሓረስታይ ገብረመድህን ገረዝግሄር፡ ኑቲ ንሕርሻ ደሊው ዝገበሮ መሬት፡ ፈለማ ዕፉን ከም ዝነበረ ጸጊሑ ከኣ ፍረታት ዱብ ገዕ በርበረ፡ ፋል፡ ኣልፋ ኣልፋን ካልእን'ዩ ፈቲኑዎ። ዘዕገበ ምህርቲ ከም ዝሓፈሰሉ'ውን ይገልጽ። ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ናይ 2026 ድማ ንመገቢ

ተዋሂቡዎ።

ሓረስታት ገብረመድህን ኑቲ ኣኻዊሒ ኣብ ዝበዝሖ መሬት፡ ስራሑ እቶቱ ከኻዕብዞሉ ከም ዝኽእል ብርእሰ ተኣማንነት ተበጊሱ ከኣ፡ ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ሓያል ጻዕሪ ኑቲ ቦታ ንሕርሻ ብቑዕ ከኸውን ኣብቂዑዎ። ዝምልከቶም ኣካላት ምምሕዳርን ሕርሻን ድማ ኑቲ ንሱ ብውልቁን ብናቱ ወጻኢታትን ብኸቢድ ጉልበትን ሃልክን ገይሩ ዘደላደሎን ዝሰርሖን መሬት፡ ንሕርሻ ብቑዕ ምኳኑ ምስ ተገንዘቡ፡ ኣድናቖቶም ብምግላጽ፡ "ንተጠቃምነት ስለ ዘዳለኻዮ፡ ሓረስካ ብልዓሉ" ክብሉ ፈቒዶምሉ። በዚ ዝተተባብዐ ሓረስታት ገብረመድህን ድማ፡ ሞራሉ ሓፍ ኢሉ፡ ንጥፈታቱ እናቐጸለ ኑቲ ዝተዋህቦ መሬት ኣብ ምስፍሑ ይርከብ ኣሎ። ዛጊት ከኣ፡ ኣስታት ኣርባዕተ ሄክታር መሬት ንሕርሻ

እንስሳ ዝኸውን ተወሳኺ ጻራዊ ዘራኡዎ። ኣተባባዒ ወጽኢት ከም ዝረኸቡ'ውን ገሊጹልና።

ኣቦታዊ ሓረስታይ ገብረመድህን፡ ንትርጉም ሕርሻ ኣመልኪቱ ክገልጽ፡ "ሕርሻ ማለት፡ እምነ ኩርናዕ ናይ'ቲ ኣብ መላእ ሃገር ዝቕየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ህዝብን መንግስትን እዩ። እዚ ከኣ ዜጋታት ካብ ተጸብዮት ተገላጊሎም፡ ንነፍሶም፡ ንሕብረተሰቦምን ሃገሮምን ኣፍረይቲ ንክኾኑ ዝዓለመ'ዩ። ብልዑል ጻዕርን ሓርኮትኮትን ኣብ ኩሉ ሸነኻት ናይ'ዛ ሃገር ዝቕየድ ዘሎ ወፍሪ ድማ እዩ። እቲ ዕላማ ከኣ፡ ናህሪ ዕዳጋታት ኣህዲእካ፡ መነባብሮ ዜጋታት ንምልዋጥ ስለ ዝኾነ፡ ንጥፈታት ሕርሻ ኣብ ምዕባለ ሃገር ኣገዳሲን መሰረታውን እዩ" ኢሉ።

ሓረስታይ ገብረመድህን ንዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ካብ ጥረታት - ዕፉንን ማሽላን፡ ካብ ፍረታት ድማ ዱብ፡ ባምያ፡ ኮሚደረን ገዕ በርበረን ዝኣመሰሉ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣኪታቲሉ ብምኽያድ፡ እኹል እቶት ከምዝሓፈሰ'ዩ ዝሕብር። እቲ ኣዳልዩዎ ዘሎ ናይ ሕርሻ መሬቱ ብኹሉ ሃብታም ስለ ዝኾነ ከኣ፡ እኹል ማይ እንተ ረኺቡ፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ'ውን እንተ ኾነ ዘራእቲ ዘዕገብ ምህርቲ ክሓፍሰሉ ከም ዝኽእል ይገልጽ። ጻዕርታቱ ብምሕያል ከኣ፡ ጥብ ዝበለት ማይ ኣብ መዓላ ንኸውዕላ ይሰርሕ ከም ዘሎ የረጋግጽ። ካብ 2025 ክሳብ ሕጂ ወቕታዊ ዝናብ ብዘይምህላሙ ግን፡ መሬቱ ብትራክተራት ጀሪፉ፡ ኣብ ትጽቢት ከም ዘሎ የረድእ።

ሓረስታይ ገብረመድህን ዝኾነ ኩሉ ጻዕሪ ክካይድ ዝገደዶ ሓሳብ እንታይ ምኳኑ ክሕብር ከሎ ድማ፡ "ዝበዝሐ ሓሳበይ፡ ምፍዋስ ማይ ክዖታት፡ ኣብ ምህብታም ትሕተ ባይታዊ ማይ ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ስለ ዝተገንዘብኩ፡ መጀመርታ ኣብ ምስራሕ ከትርታትን ዛላታትን'የ ተጸሚደ። እዚ ከኣ ዓቕልን ትዕግስትን ገይረ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ጻዕረይ ከይጸብጸብኩ፡ ኣብኡ እናሓደርኩ ሰሪሐዮ። እዚ ሎሚ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ፍረ ምስ ተዓዘብኩ ከኣ፡ ሞራለይ ሓፍ ኢሉ፡ እቲ ዓቕብ ቀልቀል ምኳኑ ኣሚነ

ዝተበገስኩዎ ዕዮ ድማ ጋህዲ ኮይኑ ረኺበዮ" ኢሉ። እዚ ዓወት ከኣ፡ ብሓገዝ ናይ'ቲ ካብ ጎድኑ ከይተፈልየ ዝሕግዞን ኩሉ ዘማኽሮን ምስዮና ዝበሃል ወዱ ዝተገናጸፈ ምኳኑ ሓቢሩ።

ሓረስታይ ገብረመድህን ኣስዒቡ፡ "ተበግሶ እንተሎ ኩሉ ይከኣል'ዩ። ኣነ ከኣ ካብ ተጸባይነት ተገላጊለ ንነፍሰይን ስድራቤተይን ክኸውን፣ ካብኡ ሓሊፈ ድማ መሬት ዝሃበኒ ስለ ትህበኒ፡ ዓጸፋ ስራሐ፡ ዕዳጋታት ሃገረይ ኣብ ምርግጋእ እጃመይ ከበርክት'የ" ክብል ገሊጹ። "ዝናብ ክራማት ውሒዱ'ኳ እንተሎ፡ ኣነ ግን ዝሓሸ ተሞኩሮ ደለብ ስለ ዘለኒ፡ ሕጂ'ውን ብዓቕመይ ውሕስነት ማይ እናረጋገጽኩ፡ ንጥፈታተይ ብዝሓየለ ክቕጽል'የ" ድሕሪ ምባል፡ ሕልሙ፡ ኣግራብ

ብዘተፈላለየ ምኽንያታት ተሃዲናም ዝጸንሑ እንስሳታት መሮርን ኣግራብ መሮርን ናብ ንብረ ንኽምለሱ ኣተባባዒ ስለ ዝኾኑ ድርብ ዓወት ይጉናጸፍ ከም ዘሎ ኣረዲኡ። ካብ'ዚ ተበጊሱ ከኣ፡ መንግስቲ ኣዊጁዎ ብዘሎ፡ መደብ ምስሳን ሕሩም ሃገራዊ ሕዛእትን እንስሳታት ዘቡዓምን ብወለንታኡ ክሰርሓሉ ምኳኑ ቃል ኣትዩ።

ኣቦታዊ ሓረስታይ ገብረመድህን ገረዝግሄር ኣብ መጻኢ ዘለዎ መደብ ክገልጽ ከሎ፡ እቲ ዘልምዖ ዘሎ ከባቢ፡ ኣቐዲሙ ብዘተኻየደ ፈተነታት ኣግራብ ተተኺሉሉ ክለምዕ ዝኽእል ምኳኑ ስለ ዝተረጋገጸ፡ ንሱ'ውን ክጽዮ ፍረታትን ጥረታትን ምፍራይ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣግራብ ብዝበዝሒ እናተኸለ ከባቢኡ ናብ ሓምላይ ንምቕያር ደሊው ከምዘሎ ይሕብር።



ኣራንሽን ሎሚን ካልእን ኣብ ምትካል ምብጻሕ ምኳኑ ሓቢሩ። ዝኾነ ክጉብር ድማ፡ ሕጂ'ውን ከም ዝሓለፈ፡ ደገፍን ሞራልን ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ዘይፍለዮ እምነቱ ገሊጹ።

ሓረስታይ ገብረመድህን ዘካይዶ ዘሎ ሕርሻዊ ልምዓት፡ ምህርቲ ኣብ ምኽዕባት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣከባቢ ኣብ ምዕቃብ'ውን ልዑል ግደ'ዩ ዝጻወት ዘሎ። እቲ ምንታይ፡ ሓደ ከባቢ ምስ ዝለምዕ፡ ግርማ ናይ'ቲ ከባቢ ዝኾነ ተፈጥሮኣዊ ኣግራብን እንስሳ ዘቡዓምን ክስስኑ ግድን'ዩ። ንሱ፡ ኣብ'ቲ ቦታ ሕርሻ ካብ ዝጅምር ንደሓር ድማ፡ ተራእዮም ዘይፈልጡ ዘይተጸበኡቲ እንስሳታት ዘቡዓም ከም ዒጋዜንን መፍለስን ኣብ ከሊ ግራቱ ብብዝሒ ክውሕዙ ጀሚሮም ምህላዎም ይገልጽ።

ማዕረ ማዕሩ'ውን ተርእዮ ናይቶም ከም ቅንፍዝ፡ ምጹጽላይን ህበይን ዝኣመሰሉ ተጻባእቲ እንስሳታት ዘገድም ንብረ ምኳኑ ይሕብር። ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት፡ ኑየም

ሓረስታት ገብረመድህን ገረዝግሄር፡ ኣብ ከባቢኡ'ውን ንካልኦት ሓረስቶት ብእወታ ክጸሉ ክኢሉ ይርከብ። ሓረስታይ መሓመድ ኣሕመድ ዑመርን ሓረስታይ መንግስትኣብ ያቆብን ድማ ካብኡ ምኽሪ እናሓተቱ፡ በቲ ናቱ ጻዕርን ዓወትን ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩዎም፡ ተበጊሶም ዘለዉ'ዮም።

ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ግደይ ክፍላይ፡ ሓረስታይ ገብረመድህን ገረዝግሄር፡ ዕድመ ከይደረቶ፡ ብውልቃዊ ጻዕሩ ዘካይዶ ዘሎ ሕርሻዊ ልምዓት፡ ኣተባባዒ ወጽኢት ይሓፍሰሉ ከም ዘሎ ጠቒሱ፡ ብዘይ ማይ ክሰራሕ ዝኽእል ልምዓት ሕርሻ ስለ ዘየለ ግን፡ ዘሎ ሕጽረት ዝናብ ኣብ ዝቕጽል ማሕረስ ኣሉታዊ ጽልዋ ከም ዝህልዎ ሓቢሩ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ሓረስታይ ገብረመድህን ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብዝቐየዶ ጻዕሪ ዕወትን ናይ ብሓቂ ኣቦታውን ክብሎ ዝኽእል ስራሓት ከም ዘሰላሰለ ብምግላጽ፡ ኣብ ቀጻሊ ጉዕዞኡ'ውን ደገፍን ሞራልን ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ ጎድኑ ከም ዘይፍለዮ ገሊጹ።



ካብ'ቲ ኣኻውሕ ነይሩ ዝተደላደለ መሬት ሕርሻ


ካብ'ቲ ኣኻውሕ ነይሩ ዝተደላደለ መሬት ሕርሻ

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ጸዕዳ ሓሶት

### ንሕሱዶ፧ ንምንታይ ንሕሱ፧



ሓሶት ዝተወሳሰበ ባህርያት ሰብ እዩ። ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ሓበሬታ ብፍላጥ ምዝርጋሕ ከም ሓሶት ክንገልጾ ንኽእል። ዝሕሱ ሰብ፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ሓበሬታ ብምንጋር ክእመንን ቅኑዕ ኮይኑ ክረአን ትጽቢት ኣሎዎ። ከም ትጽቢቱ ሓሶቱ ምስ ዘይእመን ዝያዳ ሓሶት ይውስኽ። ሓንሳእ ሓሶት ምስ ተዛረብካ ብኡኡ ኣየብቅዕን እዩ፣ ነቲ ዝሓሰኻዮ ሓሶት ንምስሳይ ወይ ንስላይ ብቐጻሊ ክትሕሱ ትግደድ። ስለዚ ምሕሳው ኣዝዩ ኣህላኺ ንጥፈት። ሓሶት፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ሓበሬታ ምሃብ ወይ ንዘሎ ሓቀኛ ሓበሬታ ምንጻግ (ኣሉ ብምባል) ጥራይ ኣይኮነን። ካብዚ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ዝተፈልየ ዓይነት ሓሶት ኣሎ። ገለ ክፋል ወይ ምሉእ ብምሉእ ሓቂ ምሕባእ፡ ምግናንን፡ ኣገዳሲ ሓበሬታ ምጕሳይ፡ ዘረባ ዕንክሊል ምባልን ካልእ ኣገባባት ምዝንባዕ ሓበሬታን፡ ዝተፈልየ መልክዕ ሓሶት እዩ። ሓቀኛ ሓበሬታ ዘይምልክዑ ብምሃብ ከም ናይ ሓሶት ጽልዋ ከሕድር ስለ ዝኽእል ካብ ሓሶት ፈሊና ኣይንርእዮን ኢና። ሓሶት ዘይቅቡል ባህርያት ደቂ ሰብ እዩ። ይኹን እምበር፡ ሓሰዩ ዘይፈልጥ ሰብ ኣሎ ክንብል የጸግም'ዩ። ነዚ ብባህልን እምነትን ሕብረተሰብ ዘይቅቡል ዝኾነ ባህርያት ድኣ ስለምንታይ ነተግብሮ፧

ዝሕሱ ሰብ ካብ ዘይሕሱ ሰብ እንታይ ይፈልዮ፧ ዳን ኣርየሊ ኣብታ 'ቅኑዕ ሓቅታት ብዛዕባ ሓሶት' እትብል መጽሓፉ፡ "ዝሕሱ ሰብ ካብ ሓቀኛ ሰብ ዝፈልዮ ባህርያቱ ዘይኮነ ዕድላት ወይ ኩነታት'ዩ፡" ይብል። ብዛዕባ ሓሶት ክንዛረብ ከለና፡ ሓዳር ዘፍረሰ፡ ኣብ መንጐ ስድራቤታት ጽልኢ ዘሰርጸ፡ ሕብረተሰብ ዝብትን፡ ወዘተ ኩነታት እዩ ናብ ኣእምሮና ዝመጽእ። ዓቢ ዕንወት ዘኸተለ ናይ ሓሶትን ምትላልን ዛንታ ምስ እንሰምዕ ኣመና ኢና እንግረ‹ ። ክንድኡ ዝዓቢ ወይ ዘኸፍእ ግብሪ'ውን ከም ዘይንፍጽም ኢና እንኣምን። መበገሲ ናይቲ ሓሶትን ምትላልን ምስ ሰማዕና ግን ንሕና'ውን ኣብ ተምሳሳሊ ኩነታት ተመሳሳሊ ተግባር ምፈጸምና ዝብል መረዳእታ ነሕድር። ኩሉ ዓይነት ሓሶት ክብገስ እንከሎ ብንእሽተይን ካብ ውሱን ጸገም ንምህዳምን ኢልካ'ዩ ዝግበር። ሓሶት፡ ኣብ ፈለማ ምጅማሩ ዝግባእ ክትትልን መአረምታን ምስ ዘይረክብ ብተደጋጋሚ ይዝውተር። ሳዕቤኑ ከኣ ብኡ መንጽሩ ይዓቢ። ሳዕቤን ሓሶት ክሳዕ ክንሕሱ ዘይተረኸብና ኣይረአን እዩ። ቁልዓ ካብ ቁይቂ ወለዱ ንምህዳም ኢሉ ዝሕሰዎ፡ ምስ ተደጋገመ ናብ ዝዓበየ ሕማቕ ልምድን ጥሕሰት ክብርታት ከምርሕ ይኽእል። ካብ ንእሽተይ ምሕባእ፡ ናብ ዓብዩ ገበን ምፍጻም ይሰጋገር። ዳን ኣርየሊ፡ ኩሉ ሰብ ክሕሱ ይኽእል እዩ፣ እቲ ሕቶ 'ትሕሱዶ ኣይትሕሱን፧' ዘይኮነ 'ክሳብ ክንደይ ንሕሱ፧' እዩ፡ ዝብል መረዳእታ ኣሎዎ።

ዳን ኣርየሊ፡ ብሓደጋ ባርዕ ሓዊ ምሉእ ኣካላቱ ተቓጺሉ ንብርክት ዝበለ ዓመታት ዝተሳቐ ክኢላ ስነ ልቦናን ስነ ቍጠባን እዩ። ሓሶት፡ ወላ ድኣ ዘዕንዎ ይብዝሕ፡ ጸዕዳ ሓሶት ግን ኣገዳሲ ምዃኑ ይነግር። ንሱ፡ ሓደጋ ኣጋጢምዎ ኣብ ሆስፒታል ዝነበርሉ እዋን ሓካይሙ ከም ዝሓሰውዎ ይነግር። ሓደ ካብቲ ዝሓለፎ መጥባሕቲ፡ 15 መራፍእ ኣብ ገጹ ተወጊኡ ንሰለስተ ሰሙን ክጽንሕ ዝገድድ ነበረ። ሓደ ረፍዲ ሓንቲ ካብተን ነርስ ክትሕክሞ ኢላ ምስ መጸኣት፡ እቲ ኣብ ገጹ ዝነበረ መራፍእ መዓስ ከም ዘውጽእሉ ሓተታ። ንሳ ከኣ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን ምዃኑ ነገረቶ። ደጊሙ፡ ነቲ መራፍእ ከውጽእሉ እንከለዉ መደንዘዚ መድሃኒት ክወግእዎን ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ሓተታ። ንሳ ከኣ እቲ መርፍእ ክወጽእ እንከሎ ከም ዘየሕምምን መደንዘዚ ከም ዘይድልዮን ነገረቶ። ብመልሳ ዓጊቡ መዓልቱ ተጸበየ። እታ ነርስ ሓሰያ እያ፣ እቲ መራፍእ ክወጽእ እንከሎ ኣዝዩ'ዩ ዘሕምም። ይኹን እምበር ቅድሚ ሰለስተ ሰሙን እቲ መራፍእ ክወጽእ እንከሎ ከም ዘሕምምን ዝኾነ ናይ መደንዘዚ መድሃኒት ከም ዘይወሃብን እንተ ትነግሮ ከመይ ምቐነየ፣ ካብ ሓቂ ንላዕሊ ንእሽተይ ሓሶት ዝሓሸ ውጽኢት ከምጽእ ከም ዝኽእል ምስ እንፈልጥ ምሓሰናዶ። ጸዕዳ ሓሶት እምበኣር በዚ ምኽንያት እዩ ዝዝውተር። ብፍላይ ንቑልዑ ሕማቕ ከይሰምዖም ኢልና ወትሩ ጸዕዳ ሓሶት ምስ ነገርናዮም ኢና። ጸዕዳ ሓሶት፡ ንእስ ዝበለ፡ ብዙሕ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘየሕድር፡ ዓይነት ሓሶት እዩ። ካብ ሓቂ ነገርካ ተሰፋ ተቝርጽ ንእሽተይ ሓሶት ነጊርካ ወይ ሓቂ ሓቢእካ ህይወት ከተቐጽል ምፍታን እንታይ ጸገም ኣለዎ፧

ዳን ኣርየሊ፡ ዘጋጠሞ ብድሆ፡ ብዛዕባ ባህርያት ሰብ ከጽንዕን ክግደስን ደሪኽዎ እዩ። እዚ ብዛዕባ ሓሶት ዘጽነዐን ኣብ ዓለም ተፈላጥነት ዘሎዎ መጽሓፍቲ ዝጸሓንፈ፡ ክኢላ ስነ ልቦናን ቍጠባን ከይተረፈ ሓሰዩ ይፈልጥ እዩ። ሓደ ግዜ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ነዊሕ ሪጋ ተጸብዩ ምስ ረብረበ፡ ንዓርኩ ዊል ቸር ከምጽኣሉ ሓተቶ። ኣብቲ መዓርፎ ነፈርቲ ንኣካል ስንኩላን ወይ ደው ኢሎም ክጽበዩ ዘይክእሉ ሰባት ቀዳምነት ናይ ምሃብ ሕጊ ስለዝነበሮ ናብ ቅድሚት ክሓልፉ ዕድል ተዋህቦም። ይኹን እምበር ናብቲ ነፋሪት ምስ ኣተዉ እቲ ወናብር ናይቲ ነፋሪት ነቲ ዊል ቸር ከህልፍ ዘይክእል ጸቢብ ቦታ ስለ ዝነበረን ዳን ኣርየሊ ከኣ ደው ክብል ከም ዘይክእል ኮይኑ ይዋሳእ ስለ ዝነበረን፡ ዓርኩ ሓዚሉ ናብ ኮፍ መበሊኡ ኣብጽሖ። እቲ ዝኸዶ ዝነበረ ዓዲ፡ ልዕሊ 10 ሰዓታት በረራ ስለዝነበረ ኣብ መንጎ ተንሲኡ ክሸይን'ውን ተሸገረ። እቲ ነፋሪት ከኣ ብዊል ቸር ዝንቀሳቐስ ሰብ ዝምችእ ዓይኒ ምድሪ ኣይነበሮን። ስለዚ ፋሳሲ ከይሰተየን ሽንቲ ማይ ዓቚሩን ክጓዓዝ ተገደደ። ይንዋሕ ይሕጸር ዋጋ ናይ ግብርና ንረክብ ኢና። ስለዚ ክንሕሱ ክንሓስብ እንከለና ናይ ቀረባ ግዜ ውጽኢት ዘይኮነ ናይ ነዊሕ ግዜ ዝኸፈል ዋጋ ድኣ ንዘክር።

## ሓሶት ብኸመይ ነለሊ፧



ፈለማ ሓንጐልና፡ ሓሶት፡ ዘይንቡር ንጥፈት ምዃኑ የለልዮን ግብረ መልሲ ይህበሉን እዩ። ስለዚ ፈለማዩ ዝሕሱ ሰብ ቀልጢፋና ነለልዮ። ሓሶት፡ ብተደጋጋሚ ምስ ዝትግበር ግን ሓንጐልና ከም ንቡር ይቕበሎ እሞ እቲ ገብረ መልሲ የውሕዶ ወይ የቋርጾ። ሓደ ሰብ ንመጀመርያ ግዜኡ ክሕሱ እንከሎ ዘርእዮ ግበረ መልስን ልማደኛ ሓሳዊ ዘርእዮ ምልክታትን ዝተፈላለየ እዩ። እቲ ብተደጋጋሚ ዝሕሱ ሰብ ከም ዝሕሱ ዘሎ ከተለሊ ዝኸበደ እዩ። ምልክታት ሓሶት ምስ ናይ ካልእ ጽልዋ ምልክታት ክመሳሰል ስለ ዝኽእል'ውን ዘይተደልየ ፍርዲ ክንህብን ኣብ ግርጭት ክንኣቱን ንኽእል። ስለዚ እዚ ኣብ ታሕቲ ዝዝርዝር ምልክታት ከም ውዱእ መምዘኒ ዘይኮነ፡ ክስተብሃለሉ ዝግባእ ምልክታት ኢልና ክንገልጾ ይሓይሽ።

- **ኣቃውማ ኣካላት፡** ዝበዝሐ ግዜ፡ ዝሕሱ ሰብ ዓይኒ ዓይንኻ ዘይጥምተን፡ ናይ ምህዳም ወይ ቀልጢፍካ ናይ ምእላይን ምልክታት የርኢ፡ ኣካላቱ ይእሰርን ካልእን ደጋዊ ኣቃውማ የርኢ።

- **ድምጺ፡** እቲ ክትሕሱ እንከለኻ ንምሕብኡ ዘጸግም ምልክት ኣብ ድምጺ ዝፍጠር ፍልልይ እዩ። ድምጺ ይቐጥን ወይ ዝርግርግ ኢሉ ብቕልጡፍ ንኽትልለ የቃልዕ።

- **ኣሕፊሽካ ምዝራብ ወይ ኣብ ኣዝዩ ደቀቕቲ ነገራት ምድሃብ፡** ኣሕፊሽካ ናይ ምድምዳም ኣገባብ ኣብ ዝበዝሐ እዋን ጌጋ ሓበሬታ እዩ ዝህብ። ሓበሬታ ምስ ዘይህልወና እንጠቀመሉ ናይ ምትላል ኣገባብ'ውን እዩ። ኣርእስትና ዘድህበሉ ዛዕባ ገዲፍና ኣብ ዘየገድስ ደቀቕቲ ነገራት ምድሃብ'ውን ካልእ ኣገባብ ናይ ሓቂ ምሕባእን ምትላልን እዩ። ስለዚ ሓደ ሰብ ነቲ ቀንዲ ዛዕባ ገዲፉ ኣብ ሓፈሻዊ ጉዳይ ብድብድቡ ወይ ኣብ ዘየገድስ ነጥቢ ብደቂቕ ክዝርዝር ምስ ዝፍትን ዝሓብኦ ነገር ከይህሉ ምስትብሃል ኣድላይ እዩ።

- **ዝተሓዋወሰ ሓበሬታ ምሃብ፡** "ሓሳዊ ንፉዕ ዘካሪ ክኸውን ኣለዎ፡" ዝበሃል ብሂል ሓቂ እዩ። ሓሶት፡ ዘየጋጠመ፡ ደጋዊን ባዕልና ዝፈጠርናዮን ስለዝኾነ ሓንጐልና ብግቡእ ኣይሰንዶን እዩ። ስለዚ ብቕልጡፍ ረሲዕና፡ እቲ ሓቂ ወይ ከኣ ካልእ ሓሶት ክንዛረብ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

- **ቀልጢፍካ ብትሪ ምቅዋም ወይ ኣሉ ምባል፡** ምሕሳው ዘይንቡር ንጥፈት ምስ ምዃኑ፡ መንፈስ ዝርብሽ ተግባር እዩ። ስለዚ ኣብ ኣዘራርባ፡ መልሲ ኣወሃህባን ናይ ምስማዕን ምስትውዓልን ዓቕምን ዕግርግር ይፈጥር። ኣብ ከምዚ ኩነታት ዝሕሱ ሰብ ከይተረድኦ ብዝገብሮ ግብረ መልሲ ፈሊና ከነውጽኦ ንኽእል።

***

## ማሕላ ንመን ቀተለ

"ሓሶት ወይ ሓቂ ምዝራብ ኩነተ ኣእምሮና እዩ ዝውስኖ፡" ይብል፡ ዳን ኣርየሊ። ኣብ ቤት ፍርዲ ይኹን ካልእ ምስክርነት እንህበሉ ቦታ፡ ኣቐዲምና፡ "ብዛይካ ሓቂ፡ ሓሶት" ከም ዘይንምስክር ምምሓል፡ ኣእምሮና ብኣድህቦ ክውስን፡ ምስክርና ከሕድሮ ዝኽእል ጽልዋ ከነስተብህለሉን ሓላፍነት ክስምዓናን ይሕግዝ። ሓንጐልና፡ ካብ ጽልዋ ናይ ህንጥዩነት፡ ኣነነት፡ ፍርሒ፡ ነብሰ ፍትወትን ካልእ ስምዒታትን ባህርያትን ተገላጊሉ በቲ ዘዕበየና ክብርታትን ሞራልን ክምራሕ ዕድል ይረክብ እሞ ሓቂ ክንዛረብ ይሕግዛና። ዳን ኣርየሊ፡ ቅድሚ ምስክርነት ምሃብና እንገብሮ ማሕላ፡ ካብቲ ብጽሑፍ እንገብሮ ምስክርነት ወይ ማሕላ (ብመልክዕ ክታም) ንላዕሊ ሓቂ ክንመርጽ ልዑል ተኽእሎ ከም ዘሎዎ የብርህ። ኣብ ቤት ፍርዲ፡ ማሕላ ድሕሪ ምስክርነት እንተዝመጽእ ነይሩ፡ ማለት ምስክርና ምስ ሃብና "እዚ ምስክርነት ዝሃብናዮ ሓቂ እዩ፡" ኢልና ከም እንምሕል እንተ ዝግበር ዝያዳ ምሓሰና ነይርና፡" ይብል። ምኽንያቱ ኣብ ፈለማ ኩነተ ኣእምሮና ከም ዝግባእ ስለዘይተቓነየ ብዘይ ኣድህቦን ኣዕሚቕካ ምሕሳብን ክንውስን ምተደፋፋእና። እቲ ብኽታምና እንገብሮ ማሕላ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ጉዳይ ስለ ዝግበር ሓቂ ኣብ ምምራጽ ዝተሓተ ጽልዋ ክህልዎ ዝኽእል። ማሕላ ንሰብ ወላ ድኣ ኣይቕተል፡ ነቲ ሓሶት ክምስክር ዝሃቀነ ኩነተ ኣእምሮ ግን ይቐትል እዮሞ ጽልዋኡ ኣይንነኣእሶ።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል - ክረምታዊ ውድድር ኣትሌቲክስ ተዛዚሙ



ብ31 ሓምለ ዝፈለመ ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ኣትለቲክስ፡ ትማሊ ሓሙስ ብዝተኻየደ ውድድር ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተዛዚሙ።
ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት፡ ተወዳደርቲ ቡብክሊ ዕድመኦም ናይ ዝተፈላለየ ርሕቀት ውድድር ኣካይዶም። ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቀት ፈለማ ውድድሮም ዘካየዱ ትሕቲ 13 ዓመት'ዮም። ኣብ ናይ 50 ሜትሮ የስኣብ ክፍሎም ካብ ጋላነፉሒ ቀዳማይ ዕዉት ክኸውን እንከሎ፡ ናኤል ኣማኒኤል ካብ ቲራቮሎ፡ ካሌብ ኣሰይያስ ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ ሰዒቦሞ። ደቂ-ኣንስትዮ ተወዳደርቲ ኣብ ዘካየድኦ ውድድር፡ ሚልዮን ሚካኤል ካብ በሪኽ ንጓል ጋንታኣ ኣርሴማ ረዘነን ደሊና የሃንስ ካብ ዕዳጋ ሓሙሰን ኣኸቲላ ውድድራ ዛዚማ። ኣብ ናይ 200 ሜትሮ ሃናኤል ኢሳቕ ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ሱራፌኤል ምሕረትኣብ ካብ ኣኽርያ፡ ያፌት ማና ካብ ማይተመናይ ዕዉታት ኲይኖም። ሆሳእና ተስፋኣለም ካብ በሪኽ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ተዓዋቲት ክትከውን ከላ፡ ኣርሴማ ገብርሂወትን ሚልዮን ሚካኤልን ክልተኣን ካብ በሪኽ ሰዒበንኣ።
ናይ 200 ሜትሮ ውድድሮም ዘካየዱ ተወዳደርቲ ትሕቲ 15 ዓመት፡ የሴፍ ብንያም ካብ ገጀረት፡ ያፌት ብንያም ካብ ዕዳጋሓሙሱ፡ ላሜክ ኣብርሃም ካብ ሰንበል ተዓዊቶም። ተወዳዳርቲ ትሕቲ 17 ዓመት ናይ 200 ሜትሮ ውድድር ከካይዱ እንከለዉ፡ ሙባረክ ኣሕመድ ካብ ጋላነፉሒ፡ ዮናታን በረኸት ካብ ዕዳጋሓሙሱ ሰለሙን ተኽለማርያም ካብ ጸጸራት ቀዳሞት ሰለስተ ዕዉታት ኲይኖም። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ሳብሪን ኣብርሃም ካብ ኣኽርያ፡ ናኣሚ ያቆብ ካብ በሪኽ፡ ቢዘን ዮናስ ካብ ጋላነፉሒ ተዓዊቶም።
እዚ ከምዚሉ እንከሎ ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳ ዝሰላሰል ዘሎ ጸወታታት ኵዕሶ እግሪ ግራስ ሩት፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ጋንታታት ብዘካየድኦ ጸወታ ቀጺሉ። በዚ መሰረት፡ ገዛባንዳ ንንጓይፍ 5-ብ1፡ ኣኽርያን ሰንበልን ከምኡ'ውን ጸጸራትን ቲራቮሎን ብተመሳሳሊ 1-ብ1 ክወጽኣ ከለዋ፡ ገጀረት ድማ ንፓራዲዞ 4-ብ2 ሰዒራታ። ክረምታዊ ውድድራት ኵዕሶ እግሪ ግራስ ሩት፡ ሎሚ ዓርቢ ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ጋንታታት ብዘካይድኦ ግጥማት ካልኣይ ዙርያ፡ ቀጺሉ ክውዕል'ዩ።

## ግጭት ኣርጀንቲናን እንግሊዝን ብኻልእ መልክዕ ተመሊሱ




ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ኣርጀንቲና፡ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2026 እታ ንእንግሊዝ ዝሰዓረላ ዕለት 15 ሓምሌ፡ 'ሃገራዊት መዓልቲ ጋንታ ኵዕሶ እግሪ' ክትከውን ኣዊጁ።
እንግሊዝ ድሕሪ'ታ ኣብ 1966 ዋንጫ ዓለም ዘልዓትላ ኢጋጣሚ፡ 15 ሓምለ ኣብ 55 ደቒቕ ብዘቖጸረታ ሸቶ ንናይ ፍጻመ ጸወታ ዝቐረበትላ ዕለት ማሲላ ነይራ። ይኹን እምበር ኣሰልጣኒኣ ቶማስ ቱሸል ብዘተኸተሎ ቅዲ ጸወታ፡ ኣርጀንቲና ኣብ መበል 85ን 92ን ደቒቕ ሸቶ ብምምዝጋብ ልቢ እንግሊዛውያን ሰይራቶ። እዚ ዓወት ከኣ ድሕሪ'ቲ ብኣከራኻሪ ወሳኒ ዝተዓወተቶ ናይ 1986 ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዝተረኽበ'ዩ። ድሕሪ 40 ዓመት ዝተመዝገበ ዓወት። ንዓወት ኣርጀንቲና ተኸቲሉ ኸኣ ፖለቲካዊ ወጥሪ ክልተኣን ሃገራት ኣብ ሜዳ ተንጸባሪቑ'ዩ። ተጻወትቲ ኣርጀንቲና ዓወቶም ክጽንብሉ እንከለዉ፡ "ደሴታት ፎክላንድ ናይ ኣርጀንቲና'የን" ዝተጻሕፈ ባር ሐዞም ኣብ ሜዳ ተራእዮም። እዘን ደሴታት ካብ ገማግም ባሕሪ ኣርጀንቲና 300 ማይልስ ርሒቐን ዝርከባ ይኹና እምበር፡ ግዝኣት እንግሊዝ'የን። ኣብ 1982 ሰብየን ኣርባዕተን መዓልታት ዝወሰደ ኲናት ድማ ኣካይደናለን ነይረን። ተጻወትቲ ኣርጀንቲና ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ኣብ ሜዳ ኣንጸባሪቖም ዝብል ኣከራኻሪ ዛዕባ ከይዛሰሰ እንከሎ እዩ እምበኣር፡ ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ኣርጀንቲና፡ ነታ ንእንግሊዝ ዝሰዓረላ ዕለት ሃገራዊት በዓል ክትከውን ኣዊጁ ዝርከብ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **ፎርላን ግዜያዊ ኣሰልጣኒ ኡራጓይ ኩይኑ**

ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ማንችስተር ዩናይትድ ዝነበረ ድያጎ ፎርላን ግዜያዊ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ኡራጓይ ክኸውን ተሰማሚዑ። ፎርላን መዘኡ ናይቲ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ካብ ናይ ምድብ ጸወታ ከሕልፉ ዘይከኣለ ማርሴሎ ቢሳ ክትክእ'ዩ። ወዲ 47 ዓመት ፎርላን፡ ኡራጓይ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት



ቀዋሚ ዓላሚ ክሳዕ ትመዝዝ፡ ኣብ እተካይዶ ምሕዝነታዊ ግጥማት ክመርሓ'ዩ። ጉድኒ ጉድኒ ምዕላም ዓብይ ሃገራዊት ጋንታ ኸኣ፡ ኣሰልጣኒ ትሕቲ 20 ዓመት ክኸውን ተመዚዙ ይርከብ። ፎርላን ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኡራጓይ ለቢሱ ካብ ዘካየዶ 112 ግጥማት፡ 39 ሸቶታት ኣቖጺሩ። ኣብቲ ኣብ ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ ዝበጽሐሉ ዋንጫ ዓለም 2010 ተሸላሚ ወርቂ ኵዕሶ ነይሩ። ፎርላን ኣብ መጋቢት 2015 እዩ ጫማኡ ሰቒሉ።

- **ሮድሪ ኣብ ናይ ምርጫ ወጥሪ**

ተዓዋቲ 'ባሎን ደ ኦር' 2024 ስጳኛዊ ሮድሪ ኣብ ሰለስተ ምርጫ ተቐርቂሩ ከም ዝርከብ ተሓቢሩ። ወዲ 29 ዓመት ኣከፋፋሊ ማንቸስተር ሲቲ፡ ምስዛ ጋንታ ዘለዎ ውዕል 30 ሰነ 2027 እዩ ዘብቅዕ። ርያል ማድሪድ ንነዊሕ ግዜ ዓይና ኣውዲቓትሉ ብምጽንሓ፡ ኣብ ክረምቲ ናብ ማድሪድ ዶ ይኸይድ ዋላስ ውዕሉ የናውሕ ዝብል ሕቶ'ዩ ጸኒሑ። ትማሊ ኣብ ዝተዘርገሐ ሓበሬታ ድማ፡ ኣዘቢባ ዝጸንሐት ባርሴሎና፡ ነዚ ተጻዋታይ ንምፍራም ኣብ ቅልስ ከም ዝተጸምደት ተሓቢሩ። ሮድሪ ምስ ርያል ማድሪድ ክጸንበር ውልቃዊ ስምምዕ ገይሩ እናተባህለ ክንገረሉ ጸኒሑ'ዩ። ሕጂ ግን ሲቲ ወይ ማድሪድ ዶ ዋላስ ባርሴሎና ኣብ ዝብል ምርጫ ተቐርቂሩ ከም ዝርከብ ተገሊጹ።

- **ዩናይትድን በሽኪታሽን ኣብ ቅልስ**

በሽኪታሽ ነቲ ስሙ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ተተሓሒዙ ክልዓል ዝጸንሐ ሰርብያዊ ዱሳን ቭላሆቪክ ከተፈርሞ ከም እትደሊ ብወግዒ ገሊጹ፡ ንመሓመድ




ሳላሕ ከተፈርም ኣንቂዳ ዝነበረት በሽኪታሽ ሓሳብ ልባ ብዘይምትግባሩ፡ ብመንገዲ ፕረዚደንታ ኣቢላ ኣብ ዕዳጋ ቫልሆቪክ ከም ዝተጸንበረት ሓቢራ። ጉዳይ ዘርከዚ ኣብ መዓልቦኡ ዘይብጸሐት ዩናይትድ ብወገና፡ ንቫልሆቪክ ከም ኣማራጺ'ያ ክትርእዮ ጸኒሓ። ማን.ዩናይትድ፡ ናይ ልቓሕ ጉዳይ ዘርከዚ ብምዕጻው፡ ብቀዋምነት ክትውንኖ እትደሊ ክሉብ እያ ተማዕዱ ዘላ። ምስ ምውጻእ ዘርከዚ ሃጻፍ ከየጋጥማ ብምሕጋእ ንቫልሆቪክ ብቕልጡፍ ከተፈርም ትጸቢት ድማ ይግበረላ። ቫልሆቪክ ምስ ጁቬንቱስ ዝነበሮ ውዕል 30 ሰነ 2026 ብምብቃዑ ኣብዚ ግዜ ናጻ ተጻዋታይ ኲይኑ'ዩ ዝርከብ።

- **ዲያባይ ናብ ለቨርኩሰን ይምለስ**

ምስ ኣል ኢቲሓድ ዝጸንሐ ጽንሖት ዝዘዘመ ፈረንሳዊ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ሙሳ ዲያባይ፡ ናብ ቡንደስ ሊጋ ይምለስ ኣሎ። ብመሰረት ጋዜጣታት ስዑዲ ዓረብ ዝዘርገሐኦ ሓበሬታ ኣብ ዓዲ ኢንተር ሚላንን ባየር ለቨርኩሰንን ኣትዩ ዝጸንሐ ዲያባይ፡ ብትሕቲ 30 ሚልዮን ዩሮ ምስ ለቨርኩሰን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሐ ተገሊጹ። ዲያባይ ክሳዕ 2031 ምስታ ክሉብ ክጸንሕ ከም ዝተሰማምዐ ተገሊጹ። ወዲ 27 ዓመት ሙሳ ዲያባይ ቅድሚ ናብ ኣስቶን ቪላ ምጽንባሩ፡ ካብ 2019 ክሳዕ 2023 ማልያ ባየር ለቨርኩሰን ለቢሱ ተጻዊቱ'ዩ። ኣብ ክረምቲ 2024 ከኣ ምስ ስዑድያዊት ኣል ኢቲሓድ ተጸንቢሩ።

## ጉዳይ ዲዮማንደ ኣብ መኸተምታ በጺሑ



ነዊሕ ናይ ምስግጋር ዜና ብሒቱ ዝጸንሐ ጉዳይ ያን ዲያማንደን ርያል ማድሪድን፡ ኣብ መወዳእታ ከም ዝበጽሐ ተገሊጹ።
ን 'ቢልድ' ዝተባህለት ማዕከን ሓበሬታ ተወኪሳ 'ጎል' ኣብ ዝዘርገሓቶ ዜና፡ ኢየቮርያዊ ዲያማንደ ትማሊ ንምሆ ኣውሰትርያ ካብ ዝርከብ ናይ ልምምድ ስፍራ ኣር.ቢ. ሌፕዚግ ክወጽእ ተራእዩ። ናብ መዓርፎ ነፈርቲ ከምርሕ ዝተራእየ ዲያማንደ፡ ኣብ በርናቡ ሕክምናዊ መርመራ ብምኽያድ፡ ኣባል ርያል ማድሪድ ንምኳን ኪታሙ ክንብር'ዩ። ቅድሚ ምስጋሩ ኣብ ናይ ልምምድ ስፍራ ጋንታኡ ዝተራእየ ዲያማንደ፡ ምስ ደቂ ጋንታኡ ስምዒት ዝተንጸፍ ምፍናው ከም ዘካየደ ጎል ወሲኻ ገሊጻ።
ኣር.ቢ. ሌፕዚግ ካብ ዕድጊ ናይዚ ዝዓቢ ዘሎ ኮኾብ 125 ሚልዮን ዩሮ ከም እትረክብ ጸብጻባት ይሕብሩ። ዝርኣዮ ብቕዓት ምስ ዝረኽቦ መቐጻጸሪ ተደሚሩ ኸኣ ዋጋኡ ናብ 140 ሚልዮን ዩሮ ክኸውን ክልተኣን ጋንታታት ኣብ ስምምዕ በጺሐን ኣለዋ። እዚ ወዲ 19 ዓመት ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ሕክምናዊ መርመራ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ክሳዕ ሰነ 2033 ንሸውዓተ ወቕቲ ስፖርት ምስ ርያል ማድሪድ ክጸንሕ ብርዒ ምስ ወረቐት ክራኸብ'ዩ።
ያን ዲያማንደ፡ ዝሓለፈ ዓመት ማልያ ኣር.ቢ. ሌብዚግ ብምልባስ 33 ግጥማት ኣሰላሲሉ። ኣብዚ ከኣ 12 ሸቶታትን 8 ቀረብ ንሸቶን ብምግባር ጋንታኡ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትምለስ ልዑል ግደ ኣበርኪቱ'ዩ።

## ከምዚ'ውን ኣሎ

መንገዲ ኣየር ቱርኪ ንመሓመድ ሳላሕ ክትብል ንግዝኣውያን ሓዲሽ በረራ ከም ዝጀመረት ኣፍሊጣ። ግብጻዊ መሓመድ ሳላሕ ትጽቢት ብዘይተገበረሉ ከነታት ናብ ታርብዞንስፖርት ተጸንቢሩ ይርከብ። መንገዲ ኣየር ቱርኪ ኸኣ፡ ነዚ ኩነታት ኣጋጣሚ ብምግባር፡ ካብ ካይሮ ናብ ታርብዞን ቀጥታዊ በረራ ከም ዝፈለመት ገሊጹ። ናይ መጀመርያ 120 ተገልገልቲ ዝሓዘት ነፋሪት ከኣ ትማሊ ታርብዞን ኣትያ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ንሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ተጠንቅቕ

ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዘካይዶ ዘሎ መጥቃዕቲታት ደው ኣብሉ፡ ኑቲ ዘሎ ዘይምስምማዕ ብዘተ ንኽፈትሖ ክእምናኦ እንተ ዘይክኢለን፡ ኢራን ንትካላት ኑዩዪ፡ ጸዓትን ማይን ናይተን ሃገራት ዒላማ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ክትገብሮ ምኻና ኣጠንቂቓ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ተወሲኺ መጥቃዕቲታት ምስ ዘካይድ፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብቲ ዞባ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካን ኣገደስቲ ትሕተ ቅርጺ ናይ'ተን ምስ ኣመሪካ ልዑል ቅርበት ዘለወን ሃገራትን ከቢድ መጥቃዕቲ ብምፍጻም ግቡእ ምላሽ ከም እትህበሉ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ሃገሩ ወተሃደራዊ ምላሽ ክትህብ ድልውቲ ምህላዋ ድሕሪ ምሕባር፡ እንተኾነ እቲ ግጭት ናብ መላእ እቲ ዞባ ከየስፋሕፍሐን ዒቢ ዕንወት ከየኸተለን እንከሎ፡ ብዲፕሎማስያዊ መንገዲ ምፍታሑ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ምኻኑ ኣስሚሩሉ።



ቐጠር፡ ምግንን ስዑዲ ዓረብ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ንማእከላይ ምብራቕ ናብ እሳት ከይቀየሮ እንከሎ፡ ኑቲ ተፈጢሩ ዘሎ ግጭት ብዲፕሎማስያዊ መንገዲ ንኽትፈትሖ ከም እተማሕጸና፡ ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎ ሓደ ብዓል ስልጣን ሓቢሩ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ እቲ ግጭት ብዲፕሎማስያዊ መንገዲ ክፍታሕ ብተደጋጋሚ ትጠልብ እኳ እንተ ሃለወት፡ ኣብ ልኡላውነታ ንዝፍጸም ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ግን ወተሃደራዊ ምላሽ ከም እትህበሉ ኣጠንቂቓ ምህላዋ ኣዘኪሩ።

## እስራኤል፡ ኣብ ሊባኖስ ሓያል መጥቃዕቲ ኣካይዳ

እስራኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ሊባኖስ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክትገብር ድሕሪ ምስምማዓ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ብዓይነቱ ዝሓየለ ምኻኑ ዝተነግረሉ መጥቃዕቲ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ናይታ ሃገር ከም ዘካየደት ተሓቢሩ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ወኪላት ክልተአን ሃገራት ንስምምዕ ሰላም ኣመልኪቶም ኣብ ኢጣልያ ዝርርብ የካይዱ ኣብ ዘለዉሉ እዋን እዩ ተኻይዱ።

እቲ ብሰራዊት እስራኤል ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ንዝርከቡ ብርክት ዝበሉ ቦታታት ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ ከኣ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ሰራዊት እስራኤል፡ እቲ ሓዲሽ መጥቃዕቲ፡ ግብረ መልሲ ናይቲ ብሕዝቦላህ ዝተፈጸመ ጥሕሰት ናይቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ምኻኑ ሓቢሩ።



እስራኤል፡ ሕዝቦላህ ሰግረ ዶባዊ መጥቃዕቲታት ከይፍጽም ብዝብል ምኽንያት፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ 'ናይ ጸጥታ ዞባ' ዝሰመየቶ ሰፊሕ ክፋል መሬት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ኣእትያቶ ከም እትርከብ እዩ ዝግለጽ።

እስራኤልን ሊባኖስን ዝሓለፈ 3 ሰነ ዝኸተማሉ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኡ፡ እስራኤል ኑቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ዝርከብ መሬት ሊባኖስ ናብ ሰራዊት ናይታ ሃገር ቀስ ብቐስ ከተረክቦ፡ ሕዝቦላህ ከኣ ኣጽዋሩ ዕጥቁ ክፈትሕ ዝጠልብ እዩ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ሕዝቦላህ ኑቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ከም ዘይቅበሎ ኣብ ግዜኡ ኣፍሊጡ ምንባሩ ይዝከር።

## ሩዋንዳ፡ ኣብ ዕዳጋታት ዝርከብ ኣልኮላዊ መስተ ክሰሓብ ጸዊዓ

ኣብ ሩዋንዳ፡ ብውሑዱ 50 ሰባት ዝተበከለ ኣልኮላዊ መስተ ሰትዮም ድሕሪ ሙማቶም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ፈርዩ ኣብ ዕዳጋታት ዝርከብ ኣልኮላዊ መስተ ብምሉኡ ክስሓብ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምፍራይ ኣልኮላዊ መስተ ዝጸንሑ 101 ፋብሪካታት ክዕጸዋ መንግስቲ ናይታ ሃገር ጸዊዑ።




ብዓል መዚ መግዘቢን መድሃኒትን ሩዋንዳ፡ ኣብ ብርክት ዝበላ ኣልኮላዊ መስተ ዘፍርያ ፋብሪካታት ናይ ድሕነትን ፍቓድን ጥሕሰታት ድሕሪ ምርካቦም፡ ብደረጃ ሃገር ኑቲ ስጉምቲ ክወሰድ ከም ዝተገደደ ኣረዲኡ።

እቲ ኣልኮላዊ መስተ ካብ ከበሓ ዕዳጋታት ክስሓብ ዝጠልብ ሓዲሽ መምርሒ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝፈረያ ዓስርተታት ዓይነት ኣልኮላዊ መስተ ዝጸሉ ምኻኑ ከኣ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብመሰረት ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ዝዘርገሖ ጸብጻብ፡ ኣብዚ ዓመት እዚ፡ ብሰንኪ ዝተበከለ ኣልኮላዊ መስተ ብውሑዱ 50 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 500 ሰባት ከኣ ብሕክምናዊ ሓገዝ ክድሕኑ ክኢሎም።

ብተወሳኺ፡ ኣስታት 100 ሰባት እውን ዑረት ዓይኒ ከም ዘጋጠሞም እዩ እቲ ጸብጻብ ዘረድእ።

እቲ ስጉምቲ፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ሩዋንዳ ኣልኮላዊ መስተ ዝሰትዩ ሰባት እናወሰኸ ይመጽእ ኣብ ዘለወሉ እዋን ይውሰድ ብምህላው፡ ኣብ ምንካይ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ እወታዊ ተራ ክህልዎ ከም ዝኽእል እዩም ክኢላታት ዝእምቱ።

## ብሪጣንያ፡ ንዩክሬን እትገብሮ ወተሃደራዊ ደገፍ ከም እትቕጽሎ ኣፍሊጣ

ብሪጣንያ፡ ንዩክሬን እትገብሮ ወተሃደራዊ ደገፍ ብዘለዓለ መልክዑ ክትቅጽሎ ምኻና ኣፍሊጣ።



እዚ ዝተገልጸ፡ ሓድሽ ጸሓፊ ምክልኻል ብሪጣንያ ዌስ ስትሪቲንግ ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ኣብ ከተማ ኪየቭ ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ እዩ።

ብሪጣንያ ወትሩ ኣብ ጎኒ ዩክሬን ከም ዘላ ዝገለጸ ዌስ ስትሪቲንግ፡ ክትገብረላ ንዘጸንሐት ደገፍ ብዓይነትን መጠንን ካብ ከም እተብሎ ኣረዲኡ።

ከም ኣካል ናይቲ መደብ፡ ብሪጣንያ ስርዓተ መከላኸሊ ሚሳይል ናብ ኪየቭ ከም እትልእኽን ንሰራዊት ዩክሬን ክትህቦ ዝጸንሐቶ ስልጠና'ውን ከም እተሰፍሖን ኣዘኪሩ።

ብሪጣንያ፡ ንዩክሬን ተወሳኺ ወተሃደራዊ ደገፍ ከም እትገብረላ ትገልጽ ዘላ፡ ፈደረሽን ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን እተካይዶ መጥቃዕቲታት ኣሰፊሓቶ ኣብ ዘላትሉ እዋን እዩ።

ብሪጣንያ፡ ካብ 2022 ንደሓር ጥራይ፡ ንዩክሬን ልዕሊ 25 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዛት ከም ዘለኣኸትላ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ናይጀርያ - ተጨውዮም ዝነበሩ 308 ሰባት ናጻ ተለቒቖም

መንግስቲ ናይጀርያ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይታ ሃገር ተጨወዮም ዝጸንሑ 308 ዜጋታት፡ ፖሊስን ሰራዊትን ብዘካየድዎ ሓባራዊ ስርሒት ናጻ ከም ዝወጹ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት እቲ መንግስቲ ዝሃቦ ብዓይነቱ ዝዓበየ ምኻኑ ገሊጹ።

ኣብ ናይጀርያ፡ ምስ ቦኮሓራም ምትእስሳር ዘለዎምን ካልኦትን ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ሰባት እናጨወዩ ማብጃ ክጠልቡ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ፡ እቲ ተግባር ንጸጥታ ናይታ ሃገር ናብ ዝኸፈአ



መግለጺ፡ እቶም ግዳያት፡ ኣብ ክፍለ ሃገራት ኒጀርን ክዋራን ብዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ዝተኻየደ መጥቃዕትታት ዝተጨወዩ እዮም ነይሮም።

መንግስቲ ናይጀርያ ወሲኹ፡ እቲ ዝተኻየደ ኑቶም ዝተጨወዩ ዜጋታት ናይ ምድሓን ስርሒት፡ ኣብታ ሃገር ካብ ዝተኻየዱ ተመሳሰልቲ ስርሒታት ደረጃኡ ኣውሪድዎ ምህላዉ ይሕብር።

ብፍላይ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ናይጀርያ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርትን ናይ እምነት ትካላትን ቀንዲ ግዳያት መጥቃዕትን ጭውያን ዕጡቓት ጉጅለታት ኮይነን ምህላወን እዮም ምንጭታት ዘመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ. ኖቫ | 7/8/26 | ጎደና ቁ.ገዛ 214 ከባቢ. ፓስጣ ዕዳጋ ዓርቢ. | 07120574 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565